# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.165 | ረቡዕ 12 መጋቢት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ዘይብተኽ ድልዱል . . .


ገጽ 4
መሰልን ማዕርነትን . . .


ገጽ 5
ኣግኣዞ ደቂ-ኣንስትዮ ንልምዓት!


ገጽ 11
ፈደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል . . .



# ሚኒስትሪ ፍትሒ፡ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ዘዕዝዝ መደብ ኣበጊሱ

ሚኒስትሪ ፍትሒ፡ ኣብ ምፍታሕ ጉዳያት ተሳትፎ ሕብረተሰብ ዘዕዝዝ መደብ ኣበጊሱ ከምዝሎ፡ ሚኒስተር ፈውዝያ ሃሽም ሓቢራ።

ንዝበረ ማስርሓት ፍርዲ፡ ሕብረተሰብ ብዘሳተፈ ዓሚቕ መጽናዕትን ገምጋምን ሃንፋቱ ብምልላይ፡ ሕብረተሰብ ንክብርታቱ ዘኽብሪን ማብቁዓዊ ሕግታቱ ዝሕመረቱ ጉዳያት ናይ ምፍታሕ ኣገባብ ንምትእትታውን ከሰራሕ ጀሚሩ ከምዝሎ ዝገለጸት ሚኒስተር ፈውዝያ፡ ዕላማ ናይ'ዚ መደብ፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ ጉዳያቱ ካብ ውሽጡ ብዝወጹ ሰባትን ሽማግለታትን ንክፈትሕ ከምዝኾነ ኣረዲኣ።

በዚ. መሰረት፡ ኣብ መላእ ሃገር ኣብ ዝርከብ 757 ምምሕዳራት ከባቢ 3,754 ሽማግለታት ተረቒሖም ስርሖም ይጅምሩ ምህላዎም፡ ካብ ንምጅማር ድማ ካብ 24 መስከረም 2024 ክሳብ 16 ለካቲት 2025 ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ምስ ወከልቲ ህዝቢ፡ ኣባላት ባይቶ፡ ሽማግለታትን ኣመሓደርቲን ርክባት ከምዝተኻየደ ገሊጻ።

ንዞባዊ ሓይልታት፡ ማብቁዓዊ ሕግታት ህዝቢ ኤርትራ ኣፍሪሶም ባህሉን ክብርታቱን ከጥፍኡ'ኳ እንተፃዕሩ፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ ግና ማሰረታዊ ሕግታቱ ብምዕቃብ ክመሓደረሉ ምጽንሑ ዝጠቐሰት ሚኒስተር ፈውዝያ፡ ኣብ እዋን ቃልሲ. ንናጽነት'ውን ከይተረፈ፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ንዝማረኾም ሰብኣዊ ማስለም ሓልዩ ናብ ዝደለይዎ ክኸዱ ምግባሩ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ክብራታት ከምዝኾነ ኣብሪሃ።

ሚኒስተር ፈውዝያ፡ "ፍትሒ. ንዓና መትከልን ዕላማን'ዩ" ድሕሪ ምባል፡ መዋእል ዘቑጸረን ወለዶታት ዋጋ ዝኸፈሉሉን ቃልሲ. ንፍትሒ. ምንባሩ ብምንጻር፡ ብዘተፈላለየ ምኽንያታት ዝሃሰሰ ዘሎ ክብርታት ንምኹሳዕ፡ ከምኡ'ውን ንክብርታት ሕብረተሰብ ንዝብሕጉግ ተርእዮ ናብ ቅኑዕ ኣንፈት ንምውሳድ፡ ሚኒስትሪ ፍትሒ. ብመንጽር ብቕዓት፡ መረዳእታን ትግባረን ዘይጠኸረ ዕማም ሐዚ ክሰርሕ ምጽንሑ ኣገንዚባ።

ሕብረተሰብና፡ ንሰብ ክቡሪ ዝህብ፡ ንማሕበራዊ ጥምረት ባይታ ዝፈጥር፡ ንምክብባርን ምትሕግጋዝን ምቹእ ሃዋህው ዘጣጥሕ፡ ብዓበኡ ጉዳያቱ ብልዝብ



ስእሊ- ኣብርሃም በየነ

ዝፈትሕ ምዃኑ ዝሓበረት ሚኒስተር ፈውዝያ፡ ኣየም 800 ዓመታት ዘቑጸሩን ንልዕሊ. 600 ዓመታት ዝተደብተሩን ሰነዳት ማሰረታውያን ሕግታትና፡ ምስ እዋናውነት ተሳጊዖም ምእንቲ ክኸዱ፡ 73 ሚእታዊት ብመንእሰያት ዝቖመ ዓቕሚ-ሰብ ተጠርዩ ከምዝሎ ኣስሚራትሉ።

ሚኒስተር ፈውዝያ ኣብ መወዳእታ፡ ሕብረተሰብ ነቲ ዝበለጸ ዘሎ መደብ ብዋንኡ ምእንቲ ክርድኦ፡ ንኣፍልጦኡ ዘሰፍሕ ብመራኸቢ. ብዙሓን ዝቐርብ መደባት ተታሓሒዙ ከምዝሎ ብምጥቃስ፡ ንክብርታቱ ዝኸብሪ ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ጥምረትን ሰላምን ዝፈጥር መደባት ንምድጋፉ ከተጥፍ ተማሕጺና።

# ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ፡ ካብ 17 ክሳብ 23 መጋቢት ክካየድ'ዩ

ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ ማለት 'ማትሪክ'፡ ካብ 17 ክሳብ 23 መጋቢት ክካየድ ምዃኑ፡ ኣብ ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ላዕለዋይ ትምህርትን ምርምርን - ዳይረክተር ማእከል ምዘናን ግምጋምን ዶ/ር ብስራት ጉብሩ ሓቢራ።

ዶ/ር ብስራት፡ ብ12 ዓውድታት ትምህርቲ ዝወሃብ ናይ ሎም ዓመት ፈተና፡ ኣብ መላእ ሃገር ከምኡ'ውን ኣብ ሪያድን ጅዳን - ስዑዲ ዓረብ ብጠቕላላ ኣብ 16 ነቑጣታት ከምዝካየድ ገሊጻ።



ጠቕላላ ቁጽሪ ተፈተንቲ 24,306 ምዃኑ፡ እዚ. ኣሃዝ'ዚ. ድማ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብ10.6 ሚእታዊት ወሰኽ ከምዝርኣየ ብምጥቃስ፡ 50 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ከምዝኾኑ ኣፍሊጣ።

ካብ ተፈተንቲ 84.1 ሚእታዊት ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ - ሳዋ ስሩዕ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ክከታተሉ ዝጸንሑ ከምኡ'ውን ተመሃሮ ኣብያተ-ትምህርቲ ሰዑኪኖት ምዃኖም ዝሓበረት ዶ/ር ብስራት፡ 3,861 ዳግማይ ተፈተንቲ እውን ከምዝለዉ. ሓቢራ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ዝርከቡ 61 ናይ ሕጊ. ተኣረምቲ ከምኡ'ውን ኣብ ኣፍዓበት፡ ዓሪታይ፡ መንሱራን ሓጋዝን መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ክከታተላ ዝጸንሓ ደቂ-ኣንስትዮ ከምዝፍተና ኣፍሊጣ።

ኣብ መወዳእታ ዶ/ር ብስራት፡ ኣብ እዋን ፈተና ዝኣክል ግዜ ስለዝወሃብ፡ ተፈተንቲ ግዜኦም ብግቡእ ክጥቀሙሉን ብርእሰምትእምማን ክሰርሑን ኣዘኻኺራ።

# ኣፍዓበት - ንልዕሊ. 200 ዜጋታት መጥባሕቲ ዓይኒ ተኻዪዱ

ኣብ ሆስፒታል ኣፍዓበት፡ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ጨንፈር ጥዕና ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ሆስፒታል ኣፍዓበት፡ ፕሮጀክት ሂማላያን ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒን ዕዉት መጥባሕቲ ዓይኒ ተኻዪዱ።

እቲ ካብ 3 ክሳብ 9 መጋቢት ን218 ዜጋታት ዝተኻየደ መጥባሕቲ፡ 207 ናይ ሓበላ ዓይኒ፡ 11 ድማ ናይ ካልእ ሕሞማት ከምዝኾኑ፡ ነቲ 19 ሓካይም ዝተሳተፍዎ ወፍሪ ዝመርሐ ክኢላ መጥባሕቲ ዓይኒ ዶ/ር እዮብ በየነ ሓቢሩ።

ቅድሚ'ቲ መጥባሕቲ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ኣፍዓበት፡ ናቕፋ፡ ኣዶብሓን ቅሮራን ዳህሳስ ከምዝተኻየደ ዝሓበረ ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ነርስ ኣልኣሚን ኢብራሂም፡ ሳላ ተወፋይነት'ቶም ሓካይምን ምሉእ ምትሕብባር ምምሕዳራት ከባቢን እቲ ወፍሪ ዕዉት ከምዝነበረ ኣብሪሁ።

ኣቐዲሙ'ውን ተመሳሳሊ. ወፍሪ መጥባሕቲ ዓይኒ ኣብ ሆስፒታል ናቕፋ ተኻዪዱ ምንባሩ ዝዘከር'ዩ።



ዜና

# ደቡብ -ብቕዓትን ውጽኢትን ትምህርቲ ንምዕባይ ተዘቲዩ


ስኣሊ. ዘርኣይ ብርሃነ


ስኣሊ. ዘርኣይ ብርሃነ

ብቕዓት ትምህርቲ ክብ ብምባል ውጽኢት ተመሃሮ ንምምሕያሽ ዝቶየድ ዘሎ ጻዕሪ ብዝለዓለ ክድፋኣሉ፥ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ህብትዝጊ ኪዳነ፥ ብ6ን 7ን መጋቢት ብደረጃ ዞባ ኣብ ዝተኻየደ ዘተ ጸዊዑ።

ኣብ'ቲ "ወሁድ ጻዕሪ ንዝበረኸ ውጽኢት" ብዝብል ቴማ ዝተኻየደ ዘተ፥ ብልጫታትን ድኽመታትን ኣለሊኻ ምስራሕ፣ ኣብ መምህራን ሓብራዊ መረዳእታ ምምዕባል፣ ንዘድኸሙ ተመሃሮ ኣለሊኻ ምሕጋዝ፣ ሱፐርቪዥናዊ ዕማማት ምሕያል፣ ከምኡ'ውን ተሳታፍነትን ንቕሓትን ወለዲ ምዕዛዝ፥ ልዑል ኣተኩሮ ክወሃቦም ዝግብኦ መደባት ምዃኖም፥ መምህር ህብትዝጊ ብዝተወሳኺ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፥ ሓለፍቲ ኣካላት ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባታት ጸብጻባት ዝተሰላሰለ ንጥፈታት ምስናይ ብድሆታቱ ኣቕሪቦም።

ተሳተፍቲ ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፥ መዓልቱ ዝሓለፈ ናይ ቤተ-ፈተነ ከምኒካት ክውገኑ፣ ኣብ ምቕራሕ መምህራን ዘተኩረ መጽናዕቲ ክግበር፣ ምቕያር መምህራን ወቕቲ ክሕሉ፣ ህላወ ማእከል ምድላው መምህራን ክሕሰበሉ፣ ከምኡ'ውን ማዕረ-ማዕረ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ፥ ኣብ ስነ-ምግባርን ክብርታትን ዘተኩረ መደባትን ሰሚናራትን ንተመሃሮ ክስራዕ ተላብዮም።

ጸሓፊት ህግደፍ ዞባ ደቡብ ወ/ሮ ኣሙተ ንጉሰ ብወገና፥ ዝቐረበ ጸብጻብ ንጹር ስእሊ ዝህብ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፥ ዘሎ ሃንፋትን ብድሆታትን ንምፍዋስ፥ ወህደት ናይ ኩለን ኣካላት መንግስትን ግንባርን ከምኡ'ውን ሕብረተሰብ ከየገዘዘ ኣተሓሳሲቡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ድማ፥ ንጥፈታት ትምህርቲ ንምሕያል፥ ምምሕዳር ዞባ ካብኡ ዝሕተት ከምዝምልእ ብምርግጋጽ፥ ኣብ ደቂኣንስትዮ ዝርአ ዘሎ ልዑል ውጽኢት ብዝያዳ ክስራሓሉ ተላብዩ።

ብዘይካ'ዚ ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ፥ ኣብ ምሕያል ምሕደራ ኣብያተ-ትምህርቲ ዘተኩረ ስልጠና፥ ብ4 መጋቢት ን375 ርእሱመምህራንን ኣመሓደርቲ ኣብያተ-ትምህርትን ተዋሂቡ።

እቲ ሜላታትን ኣገባባትን ምሕደራን መሪሕነትን ዘጠቓለለ ስልጠና፥ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝጸንሐ ናይ ኣሰራርሓ ጉድለታት ንምምሕያሽ ዝዓለመ ምዃኑ፥ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር መሪሕ ኪሮስ ገሊጹ።

ውርጹጽ ምሕደራ ኣብያተ-ትምህርቲ፥ ኣብ ምህናጽ ብቑዕ ስርዓተ-ትምህርትን ተመሃራይን ልዑል ግደ ከምዘለዎ ዝሓበረ መምህር መሪሕ፥ ምሕደራ - ጥቡብን ተበጀወትን ዝሓትት ሞያ ስለዝኾነ፥ ሓለፍቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ንዝተሰነዮም ሓላፍነት ብትግሃት ክሰርሑሉ ኣዘኻኺሩ።

እቲ ስልጠና ዝሃበ ክኢላ ምሕደራ ትምህርቲ መምህር ተኸስተ ምሰግና ብወገኑ፥ መሳርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብስነ-ፍልጠታዊ መንገዲ እንተተመሓደሩ ዝያዳ ኣርባሒ ከምዝኾኑ ብምግላጽ፥ ኣብ ትግባረ መደባት ኣብያተ-ትምህርቲ፥ ኣቓዲምካ ንጹርን ዝተጻንዐን ወጥናት ምሕንጻጽ መሰረታዊ ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፥ ኣብ ዓውዲ ቁጽሪ ንዝርአ ድኽመት ተመሃሮ ንምፍዋስ ብዝዕባ ዝሕግዙ ሜላታት ኣመሃህራን ኣተሓሕዛ ተመሃሮን ኣስተምህሮ ከምእተዋህበ ወከልቲ ኤሪና ሓቢሩ።

ኣብ ዞባ ደቡብ፥ 243 ናይ ቅድመ-ትምህርቲ፥ 283 ናይ መባእታ፥ 111 ናይ ማእከላይ፥ 31 ድማ ናይ ካልኣይ ደረጃ፥ ብጠቕላላ 668 ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዋ።

ብኻልእ ወገን፥ ኣብ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ንመምህራን፥ ርእሱመምህራንን ሱፐርቫይዘራትን ዝወሃብ ስልጠናታት፥ ኣብ ውጽኢት ተመሃሮ እወታዊ ግደ ከምዘለዎ፥ ብ6 መጋቢት ኣብ ዝተኻየደ ዘተ ተገምጊሙ።

እቲ ስልጠናታት፥ ንዳይረክተራትን ሱፐርቫይዘራትን ኣብ ኣገባብ ኣግምግማ ውጥን፣ ንሓደስቲ መምህራን ድማ ኣብ ምምሕልላፍ ፍልጠት ዘተኩረ ምንባሩ ዝሓበረ ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ባጽዕ መምህር እስማዒል ሳልሕ፥ ድኻም ዝርአዩ ተመሃሮ ንምሕጋዝ ናይ ኣስታት 570 ሰዓታት ደገፍ ከምእተገብረ ኣገንዚቡ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፥ ኣብ ባህሊ፥ ስፖርትን ጥዕናን፥ ከምኡ'ውን ሱፐርቪዥንን ስነ-ምምህርናን ኣተኩሩ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻባት'ውን ተዘቲዩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፥ ጸገና ትሕተ-ቅርጺ ኣብያተ-ትምህርቲ ክቃለጥፍ፣ ሕጽረት መምህራን ቋንቋ ኣደን መምሃሪ መጽሓፍትን ፍታሕ ክናደየሉ፣ ጠንቅታት ምቁራጽ ተመሃሮ ተለልዩ ፍታሕ ክርከቦ፣ ከምኡ'ውን ዋሕዲ ሰደቓታት ክፍታሕ ዝብል ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ሓላፊት ምምሕዳርን ፋይናንስን ወ/ሮ ኣምና ሳልሕ ኣብ ዝሃበቶ መዛዘሚ ቃል፥ ዝለዐለ ጸገማት ብብደረጃኦምን ቀዳምነቶምን ንምፍታሕ ንዝቶየድ ጻዕሪ ብምጥቃስ፥ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ኣተሓሕዛን ክንክንን ንብረት ዕቱብት ክኾና ተላቢዩ።

# ማከል - ውሕስነት ማይ ክረጋግጽ ጻውዒት ቀሪቡ

ሕብረተሰብ ውሑስ ምሕደራ ጸጋታት ማይ ብምትእትታው፥ ቀጻልነት ዓይኒ ማያት ክረጋግጽ፥ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት፥ ማይን ኣከባብን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ. ሃብቲ ማይ ኣቶ መብራህቱ እያሱ ጸዊዑ።

ኣብ 2024 ንዝተሰላሰለ ዓበይቲ ፕሮጀክታት ብዝምልከት ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፥ ኣቶ መብራህቱ፥ ብሓፈሻ ዝተዋደደን ዝተመሓየሸን ፕሮጀክታት ስርዓት ቀረብ ማይ፥ ልዕሊ 60 ሚልዮን ናቕፋ ከምዝወደአ ኣበሪሁ።

ንዝርዝሩ ብዝምልከት ድማ፥ ኣብ 39 ዓድታት 35 ኢጋንእን 97 መዕደሊ ንቑጣታትን ንምህናጽን 79 ኪሎሜተር ሻምብቆታት ንምዝርጋሕን ብዝተጀመረ መደብ፥ ንልዕሊ 24 ሽሕ ህዝቢ ተጠቃሚ ዝገበረ 16 ፕሮጀክታት ከምእተዋደዱ፣ ኣስታት 52 ኪሎሜተር ሻምብቆታት ከምእተዘርግሐ፥ ከምኡ'ውን 14 ኢጋንእን 28 ንቑጣታትን ከምእተሰርሐ ኣፍሊጡ።

ብዘይካ'ዚ፥ ኣብ 90 ዓድታት ብዝተዘርግሐ መጽናዕታዊ ሰሃድ ትሕተ-ባይታዊ ማይ፥ ኣብ 20 ንኡስ ዞባታት ኣብ 41 ዓድታት ኩዕታ ዒላታት ከምእተሰላሰለ፣ ኣብ 237 ዓድታት ድማ ጸገና ስርዓት ቀረብ ማይ ከምእተኻየደ ገሊጹ።

# ኣቑርደት - መበል 50 ዓመት ዝኽሪ ህልቂት 'ጸላም ሰንበት' ተኻዪዱ


ዝኽሪ መበል 50 ዓመት፥ ናይ'ቲ ብ'ጸላም ሰንበት' ዝፍለጥ፥ መግዛእታዊ ስርዓት ደርግ ኣብ ልዕሊ ንጹሃን ነበርቲ ኣቑርደት ዝፈጸሞ ህልቂት፥ ብ9 መጋቢት ተኻዪዱ።

በቲ "ኤርትራ መሬታ እምበር ህዝባ ኣየድልየናን" ዝብል መትከል ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ተደሪኹ፥ ብ9 መጋቢት 1975 ኣብ ልዕሊ ንጹህ ህዝቢ ዝተፈጸመ ኣረሜናዊ ግፍዒ፥ ልዕሊ 467 ዜጋታት ከምእተቐትሉን 130 ነበርቲ ከምእተወግኡን ዝዝከር'ዩ።

ኣብ'ቲ ናይ ዝኽሪ ኢጋጣሚ፥ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ኣቶ ኢሳቕ ጥዑም፥ ንዕላማን ኣገዳስነትን ናይ'ቲ ዝኽሪ ብምጥቃስ፥ መንእሰያት - ምእንቲ ናጽነት ንዝተኸፍለ ሬዚን ዋጋ ተገንዚቦም፥ ሕድሪ ሰማእታት ንምትግባር ብዝተወፋይነት ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ካብ'ቲ ህልቂት ንስኽላ ዝደሓኑ ወጻኢ መዓት ንተሳተፍቲ ኣብ ዘሕለፍዎ ዝኽሪ ናይ'ቲ ዕለት፥ በቲ ፍጻመ ሓያሎ ኣባይቲ ምስ ንብረቶም ክቃጸል ከሎ፥ ብርክት ዝበሉ ጥሪት ብኻራን ጥይትን ከምእተቐትሉ ናይ ዓይኒ ምስክርነቶም ሂቦም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ብወገኑ፥ እቲ ናይ ዝኽሪ መደብ፥ ሕሉፍ ታሪኽ ስርዓታት ኢትዮጵያ እናዘከርካ ጽልእን ቅርሕንትን ንምቕስቃስ ዘይኮነ፥ ማጠንን ሰፍሓትን ናይ'ቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ጃምላዊ ህልቂትን ዝተኸፍለ ሬዚን ዋጋን ናብ መንእሰያት ብምትሕልላፍ፥ ሕድሪ ሰማእታት ንምትግባር መብጽዓ ንምሕዳስ ዝዓለመ ምዃኑ ገሊጹ።






ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045

ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ዘይብተኽ ድልዱል ዝምድና ኣልጀርያን ፈረንሳን

ኣብዚ እዋን እዚ ንሃገራት ኣፍሪቃ ከም ኣብነት ቁጠባዊ ዕብየት ክትከውን ትኽእል እናተባህለ ዝንገረላ ኣልጀርያ፡ ናጽነታ ካብ እትወጽእ ክሳዕ እዚ ቕንያት እዚ ምስ ፈረንሳ ዘይተበተከ - ዝወርደን ዝድይብን ዝምድናታት ከተርኢ ጸኒሓ እያ። ኣልጀርያ ኣብ ትሕቲ መግዝእቲ ፈረንሳ እንከላ፡ እታ ሃገር ከም ኣካል ፈረንሳ ኮይና ኤውሮጳውያን ናብኣ ኣትዮም ዓድታት ይደኩኑን ይሰፍሩን ነይሮም። ህዝቢ ኣልጀርያ ዕጥቃዊ ሰውራ ኣልዒሉ ድሕሪ ትንፋስ ኣማኢት ኣሽሓት ሰባት ዘጥፈአ ናይ ሸሞንተ ዓመት መሪር ቃልሲ ናጻ ምስ ወጸት፡ ምስ ፈረንሳ ዝበራ ርክባት ኣይዛሕተለን። ፈረንሳ ‘ታሪኻዊ ሓላፍነት’ ብእትብሎ መበጸዒ ብቑጠባን ብትምህርትን ብዙሕ ሓገዝት እናገበረትላ መጺኣ እያ። ማዕረ እቲ ድልዱል ዝምድናታት ከኣ፡ ብሸነኽ ክልቲኤን ሃገራት ዘጋጥቱ ምጉርምራምን ምክትራይን ደረ።

ኣብዚ ቕንያት እዚ ንኽልቲኤን ዘፈላልዩ ዘሎ ሓዲ ካብ ፈረንሳ ክሰጎጉ ዝበሮ ማብቁሉ ኣልጀርያዊ ዝኾነ ሰብኣይ፡ ኣልጀርያ ምቕባል ስለ ዝኣበየቶ ዝተላዕለ ክትዕ እዩ። ብመሰረት እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ካብ ስሳታት ኣትሒዙ ክሰርሕ ዝጸንሐ “ስምምዕ ፍልሰት ህዝቢ”፡ ኣልጀርያውያን ናብ ፈረንሳ ኣትዮም ክሰፍሩን ክሰርሑን ይኽእሉ እዮም።

እቲ ፈረንሳ ስቒቑ ክወጽእ ዝተኣዘዘ ሰብ፡ 14 ግዜ ናይ ምጥራዝ ትእዛዝ ተዋሂቡዎ ኣብ ርእሲ ምንጻጉ፡ ኣብዚ ቕንያት እዚ ሰብ ብዋኣራ ወጊኡ ከምዝቖተለ ክቃላሕ ቀንዩ ኣሎ። ክልቲኤን ሃገራት ድማ ሓንቲ ነታ ኻልእ ኣብ ኣተረጓጉማ እቲ ስምምዕ “ጌጋ” ከም ዝኾነ ክከሰሳ ቀንየን ኣለዋ። ፈረንሳ ነቲ ሰብ ብኣስገዳዲ እንድሕር ሰጒጓቶ፡ ኣልጀርያ ድማ ምስ ፈረንሳ ካብ ዘተፈደቶ ካልእ ናይ ስምምዕ ፕሮቶኮላት ሕነ ከም እትፈዲ ኣጠንቂቓ ኣላ።

ይትረፍ ደኣ ዘተትዕ ነገር ተረኺቡስ ብቐንዱ እውን ኣብ ትሕቲ እቲ ህዱእ ዝመስል ርክባት ኩሉ ግዜ ብሸነኽ ኣልጀርያ ቀሓር ኣሎ። ምኽንያቱ፡ ኣልጀርያውያን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝተፈጸመ ግፍዒ ክርስዕዎ ኣይከኣሉን። ደበስ ይኹን ሓገዝ ክእብዶ ዘይክእል ቅርሕንቲ ኣሎ። ሚኒስተር ወሽጣዊ ጉዳያት ፈረንሳ ብሩኖ ረታይሎ፡ ኣልጀርያ ብቐጻሊ ንፈረንሳ ከተናሹ ምኽንያት ከም እትደሊ ገሊጹ ምንባሩ ጸብጻባት የረድኡ።

ፈረንሳ ሓዚዛ ንዘጸንሐቶ መርገጺ ብምቕያር፡ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ሞሮኮ ንዘሎ ክፋል ምዕራብ ሰሃራ ከም ኣካል ግዝኣት ሞሮኮ ኣፍልጦ ምስ ሃበት፡ ኣልጀርያ ተቐጢዓ ኣምባሳደራ ካብ ዝሰሓበት ይፍለጥ። ፕረዚደንት ዓብደልመጂድ እውን ናብ ፈረንሳ ክኸይዶ መደቡዎ ዝነበረ ምብጻሕ ከምዝሰረዞ ጸብጻባት የረድኡ። ካብ 2023 ኣትሒዙ ነቲ ዑደት ክሰጋገሮ ድሕሪ ምጽናሑ፡ ኣብ ዝሓለፈ መስከረም ግና ናብ ፈረንሳ ከምዝይከይድ ኣፍሊጡ ኣሎ።

ኣልጀርያ ሕጂ ጥራይ ኣይኮነትን ኣምባሳደራ ካብ ፓሪስ ዝሰሓበት፡ ኣቐድም ኣቢሉ እውን ፕረዚደንት ማክሮን “ኣልጀርያ ድሕሪ መግዛእቲ ፈረንሳ ዝተፈጥረት እምበር ካብ ቀደም ኣይነበረትን” ክብል ብዘዘረቦ ርኢይቶ ኣልጀርያ ርክባታ በቲኻ ነይራ። ነፈርቲ ፈረንሳ ብጸቢ-ኣየር ኣልጀርያ ከይሰግራ እውን ከልኪላ ነይራ። ኣብ ሓደ እዋን እውን ፈረንሳውያን ከም ናይ ወግእ መግለጺ ጆግራፍት ናብ ሃገርም ብዝሰደዎ ዝወሰደዎ ኣስከሬን ሸክና ርእሲ ክሳዕ ዝረኻኸቡ ይኻትዑ ነይሮም።

ኣልጀርያ ጥራይ ዘይኮነትሲ ካልኦት ሓያሎ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝነበራ ኣፍሪቃውያን ሃገራት’ውን ድሕሪ ናጽነት ምስ’ተን ገዛእተን ዝነበራ ርክባት ኣብዚ እዋን እናመርመራ፡ ካብ ዘይቀጥታዊ መግዛእቲ ዝወጻሉ ፖለሲታት ክኽተላ ይረኣያ ኣለዋ። ካብ ሃገር ዝተዘምተ ቅርሲታት ኣብ ባህርያዊ ሃብታ ክጉሕጉሑ ወይ ብዝኾነ መልክዕ ክብለጽላ እውን ኣየፍቅደትን። ጥኑፋት ሃይማኖታውያን ኣቢታ ሃገር ናይ ጂሃድ ውግእ ኣብራያም ነታ ሃገር ምስ ኣጨነቑዋ፡ ወተሃደራዊ ሓገዝ ኤውሮጳውያን ኣይተቐበለትን። ኣልጀርያ ብዘይ ምትእትታው ግዳማውያን ሓይልታት እያ ባዕላ ፈቲሓቶ።



ምምኻስ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ዝተፈጸመ በደላት እውን ካሕሳ ክወሃባ ብሕጋዊ መንገዲ እናሓተታ ሃገራዊ ክብረተን ኣብ ምሕላው ይንቀሳቐሳ ኣለዋ።

ኣልጀርያ ኣብ 1962 ረፈረንደም ኣካይዳ 99.72 ሚእታዊት ድምጺ ናጽነታ ምስ ኣረጋገጸት፡ ኣብቲ ግዜ መግዛእትን ግዜ ቃልስን ዝሓለፈ መሪር ተመክሮ ህያው ኮይኑ ዝነበር ታሪኽ ገይራ እያ ትዝክሮ። ከም ሓያሎ ሃገራት ማእከላይን ምዕራባዊን ኣፍሪቃ ኣይተዳህለለትን። ወተሃደራት ፈረንሳ ናብ ሃገራ ክኣትዉ ወይ መዓስከራት ክኸፍቱ ኣየፍቀደትን። ግዱዳውያን ጉዳይ ብዘይቀጥታዊ መንገዲ ንኣልጀርያን ፈረንሳን ዘፈላልዩ ዘሎ ዲፕሎማስያዊ ጸገማት እንታይ እዩ ኢልና ክንሓትት ንኽእል ኢና። ኣልጀርያ ኣብ 1962 ናጻ ካብ እትወጽእ ኣትሒዛ ፈረንሳ ቁጠባዊ ሓገዛት ክትገብረላ ጸኒሓ እያ። ኣልጀርያውያን ናብ ፈረንሳ ኣትዮም ከም ዓደም ክነብሩ ይፍቀደሎም እዩ። ኣብዚ እዋን እውን ኣስታት 4 ሚልዮን መበቆል ኣልጀርያ ዘለዎም ዜጋታት ኣብ ፈረንሳ ይነብሩ ኣለዉ። ዓመታዊ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኣልጀርያውያን መንእሰያት ናጻ ናይ ትምህርቲ ዕድል እናረኸቡ ኣብ ዩኒቨርሲቲታት ፈረንሳ ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም። እንታይ ደኣ እዩ’ሞ ዘኈራፍጠን ዘሎ? እቲ ዘተፋንዎን ዘሎስ ታሪኽ መግዛእትን ቃልስን እዩ።

ኣብ ማእከላይን ምዕራባዊ ክፋል ኣፍሪቃን ዝርከብ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ፈረንሳ ዝነበራ ሓያሎ ሃገራት፡ ኣብዚ እዋን ንወተሃደራት ፈረንሳ እናኣውጸኣ ጸገማተን ባዕለን ክፈትሓ ዝፍትና ኩነታት ይረአ ኣሎ። ኣብ ታሪኽ መግዛእቲ ዝሓለፈ ስቓይን ጸበባን ከም ብሓድሽ እናተጸንዐ ንመጻኢ ከም መለበሚ ክኸውን ናብ ወለዶታት የሰጋግራ ኣለዋ። ፈረንሳ ኣብዚ እዋን እዚ ብጀካ ኣብ ጋቦንን ጁቡቲን ኣብ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ወተሃደራዊ መዓስከር የብላን።

ካብ ኣፍሪቃ ክወጹ ዝተኣዘዙ ወተሃደራት ፈረንሳ፡ ሞሳ ከም ዝገበሩም ናይ ፈረንሳ ፕረዚደንት ንዝሃቦ ርእይቶ፡ ንሓያሎ መራሕቲ ሃገራት ኣቖጢዑ እዩ። ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ፈረንሳ ካብ ኣፍሪቃ ዘሰለፈቶም ዓሰከር መስዋእቲ ከፊሎም ካብ ወተሃደራት ናዚ ከም ዘናገፉዋ ገለ መራሕቲ ይገልጹ ኣለዉ። እተን ዜጋታተን ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ዝኸሰራ ሃገራት ኣፍሪቃ ድማ፡ ካሕሳ ናይ ምሕታት መሰል ኣለወን።

ኣብዚ ቕንያት እዚ፡ ሄባ ናይ’ቲ ካብ ፈረንሳ ክጥረዝ ዝተበየነ’ሞ ኣልጀርያ ኣይቕበልን ዝበለቶ ገበነኛ፡ ነቲ ኩሉ ግዜ ንዓሰርተታት ዓመታት ተኣፋፊ ኮይኑ ዝጸንሐ ኩራ ማጠቢ ምኽንያት ኮይኑዎ። ፈረንሳ ነቲ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣልጀርያውያን ዝተፈጸመ ግፍዕታት እኳ እንተኣመነትሉ፡ ብወግዒ ግና ይቕረታ ኣይሓተተትሉን። እዚ ኸኣ ቅርሕንቲ ዝፈጥር ዝተደገለ ጓሀሪ ገይሩዎም ዝፍጸሩዎ ወሓበቲ ርእይቶ ኣለዉ።

## ኣልጀርያ፡ ታሪኽ መግዛእትን ቃልስን እትዕቅብ ሃገር

ወተሃደራት ፈረንሳ ናብ ኣልጀርያ ኣብ 1830 ክኣትዉ እንከለዉ፡ ከቢድ ተቓውሞ ስለ ዘጋጠሞም፡ ብዙሕ ናይ ህይወት መስዋእቲ ከፊሎም እዮም ነታ ሃገር ድሕሪ 17 ዓመት ተቖጻጺሮምዋ። ብዙሓት ዘለዎም ፈረንሳውያን ናብ ኣልጀርያ ኣትዮም ይሰፍሩ ስለዝነበሩ፡ እታ ሃገር ከም ኣካል ፈረንሳ ኮይና መናብር ባይቶ እውን ተሓዚኣላ ነይሩ።

ፈረንሳ ኣብ ልዕሊ እቲ በርበራውን ዓረባውን ባህሊ ኣልጀርያውያን ጸቕጢ ብምግባር ኤውሮጳዊ ባህሊ ክትዝርግሕ ኣብ እትገብሮ ዝነበረት ፈተነታት፡ ብህዝቢ ተቐባልነት ይስእን ነበረ። ዘይተደልየ ተቓውሞ እውን የለዓዕል ነበረ። ኤውሮጳውያን ሰፋሮ ሐዚሞ ዝኣተዉ ቅዲ መነባብሮ ኤውሮጳ ጥራይ ክተኽሉ ክብሉ ናይ ደቂ ዓዲ መንነት ብሓይሊ ይድምስሱ ብምንባሮም፡ ኣብ ኣልጀርያውያን ነድሪ ይፈጥር ነበረ።

ብዘይካ እቶም ፈረንሳዊ መበቆል ዝበርም ኣልጀርያውያን፡ ካብ ካልኦት ሃገራት ተተባቢዖም ዝኣተዉ ሓያሎ ኤውሮጳውያን እውን ነይሮም። ኣብ መንጎ ኤውሮጳውያንን ደቀባትን ድማ ናይ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊን ትምህርታዊን ፍልልያት ኣገዚፉ እናገፍሐ ስለዝኸደ፡ ህዝቢ ምስ ምንዋሕ ግዜ ዓቕሉ ኣጸቢቡ ብሰልፊ ክቃወም ናብ ቅርዓት ክወጽእ ጀሚሩ።

ግንቦት 1945 ድሕሪ ምውዳእ ካልኣይ ውግእ ዓለም፡ ማለት ፈረንሳ መዓልቲ ሓርነቕታት ኣብ እተብዕለሉ ዕለት፡ ሰቲፍ ኣብ ዝተባህለት ከተማ ኣልጀርያውያን ሰልፊ ወጺኦም ናጽነት ክወሃቦም ሓቲቶም። እቲ ሰልፊ ናብ ናዕቢ ተቐይሩ፡ እቶም ደቀባት 100 ሰፋሮ ኤውሮጳውያን (ጸለም እግሪ/pied noire) ቀቲሎም። ወተሃደራት ፈረንሳ ኸኣ ብሕንሕነ ኣሽሓት ኣልጀርያውያን ብጥይት ቀቲሎም። ብኣድልዎ መግዛእቲ ገፊሑ ዝበረ ፍልልያት፡ እዚ መድመይቲ ተወሲኽዎ ህዝቢ ብምረት ናጽነት ክናፍቕ ጀሚሩ።



ንቬትናም ብባዕዳዊ መግዛእቲ እተመሓድር ዝነበረት ፈረንሳ፡ ድያን ብያን ፉ ኣብ ዝተባህለ መዓስከር ቬትናም ከቢድ ስዕረት ምስ ኣጋጠማ፡ ኣልጀርያውያን እውን ዕጥቃዊ ቃልሲ ክጅምሩ ፍናን ረኸቡ። ሃገራዊ ግንባር ናጽነት ዝተባህለ ውድብ ከኣ ኣብ 1954 ዕጥቃዊ ገድሊ ጀሚሩ።

ዕጡቓት ሃገራዊ ግንባር ናጽነት፡ ምስ ምልሻታት ጸለም እግሪን ወተሃደራት ፈረንሳን ኣብ ዝዋግኡሉ ግዜ፡ ብዙሕ ሰላማዊ ሰብ ካብ ክልቲኡ ወገን ይቕተል ነበረ። ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ሓርበኛ ዝነበረ ቻርለስ ደጎል ናብ መራሕነት ምስ ደየበ፡ ኣልጀርያ ናይ ርእሰውሳኔ ዕድል ክወሃባ ፈቒዱ። ብዙሓት ፈረንሳውያን ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ኣልጀርያን እኳ እንተተቓወሙ፡ ድሕሪ ተኸታታሊ ልዝብ ግን ኣልጀርያ ረፈረንደም ከተካይድ ተፈቒዱ። ብዑብለላ ድምጺ ድማ ናጽነት ረኺቡ።

ኣልጀርያውያን ኣብቲ ናይ ሸሞንተ ዓመት ውግእ ኣስታት 1.5 ሚልዮን ሰላማዊ ህዝቢ ከም እተቐትለ ክገልጹ እንከለዉ፡ ፈረንሳውያን ግና እቲ ኣሃዝ ካብ ፍርቂ ሚልዮን ከም ዘይሓልፍ ይገልጹ። ፈረንሳ ይቕረታ እንተትሓትትከ ኣልጀርያውያን ይርስዕዎ ዶ? ኣይፋሉን። ከመይሲ፡ ታሪኽ እንድሕር ተረሲዑ ከም ብሓድሽ ስለዝድገም። ኣልጀርያ ታሪኽ ቃልሲ ኣብ ምዕቃብ ዘለዋ ልምዲ ንኻልኦት ሃገራት ተመክሮ ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ጥራይ ኣይኮነን፡ ካብ ሓያሎ ሃገራት ምብራቕ ኤውሮጳ ቀዲማ ናብ ማእከላይ ቁጠባዊ መነባብሮ ዝኣተወት ኣፍሪቃዊት ሃገር ከም ምኳና መጠንን’ውን ኣብነታዊት ሃገር እያ።

# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

ቀሺ ኣያቢድ ክፍለማርያም

## መሰልን ማዕርነትን ደቂ ኣንስትዮ፡ ብሓሳብን ግብርን ንኽገሃድ!

ልምዓት ኩሉ መዳያዊ ብልጽግና ሕብረተሰብ'ዩ። ሓደ ሕብረተሰብ ኣብ ማሰርሕ ምዕባለ ሓላፍ ዘላፍ ዘለዎ ምስ ዝኸውን፡ ዝተመዛዘነ ብልጽግና ዘላቒ ክኸውን ኣይክእልን። ዘላቒ ብልጽግና ዝረጋገጽ፡ ሓደግታት ታሪኽ ዘወለዶ ዘይምዕሩይ ተሳትፎ ኣካላት ሕብረተሰብ ኣብ ምዕባለን ዘይገዙቕ ምቕርሓ ጸጋታት ኣብ ኣካላት ሕብረተሰብን ካብ ሰሩ ምስ ዝመሓ እዩ።

ቅድሚ'ቲ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ብዂብርን ብማሰዋእትን ኣብ ቃልሲ ዘረጋገጽኦ ማዕርነት፡ ጓለንስተይቲ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝጥቀስ ባህላውን ማሕበራውን ተሳትፎ ነይሩዋ ክበሃል ኣይክእልን። እቲ ኣብ ስድራቤት እትገብሮ ኣበርክቶ፡ ክብሪ ዝወሰኽ ሓይሊ ከምዝነበሮ እውን ኣፍልጦ ይወሃቦ ኣይነበረን። ዝተወልዱ ቈልዑ ኣብ ምክንኻንን ምግላይን እተሕልፎ ግዜ፡ ምስ'ቲ ካብ ጢሉብበዕ ዝተወለዱ መሓሰእን ዕያውትን ዝሕሉ ወዲ ምስ ዝዓርግ፡ ዝተሓተ ሚዛንን ክብርን ዝወሃቦ ግዜ እዩ ነይሩ። እዚ ማለት፡ ነቲ ሰበት ንምእከብኻብ ካብ ቀ'ልዕሊታ ክሳብ እርግናኣ እትገብሮ ሕቶ ዝቕል ስራሕ፡ ብዙሕ ዋጋ ዘውሃብ ማሕበራ-ባህላዊ ልምዲ ኣይነበረን። ዋላ'ኳ ካብ ግዜ ናብ ግዜ፡ ካብ መድረኽ ናብ መድረኽ፡ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝፈላለ እንተነበረ፡ ትሑት ኣጠማምታ ኣብ ልዕሊ ጓለንስተይቲ ግን ኣብ ኩሉ ቀጻሊታት ሕብረተሰብና ዝበረ'ዩ። ይኹን'ምበር፡ እዚ ብመንጽር ካልኦት ሕብረተሰባት ክርአ ከሎ፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ ንቕድሚት ዝሰጎመ'ዩ ነይሩ ክንብል ንኽእል ኢና። ንኣብነት፡ እቲ ብጠቦበኡ ዝማዕበለ ሕግታት እንዳባ ሃይማኖታዊ ሰልጣኑ እዩ። ብመምዘኢቲ ከይተኻልፈ፡ ባህርያዊ ፍልቀታዊ መገዲ ሓዚ እንተዘዋሰዋ ነይሩ ድማ፡ ኣቦት ሰልጣኑ ዝኸውን ኣፍሪቃዊ መኣዲ ምኾነ ነይሩ።

ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ዝምዕብል ኣመለኻኽቲታት፡ ቡቲ ዘለዎ ማእቶታዊ ቅርጺታት (መዋቕራት) ዝጽሎ'ዩ። ወዲ ሰብ ኣገባብት ማእቶት ከየማዕበለ ከሎ፡ ማለት ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ማእረሩ ኣብ ዝነበረሉ ዝበረ ግዜ፡ እቲ ዝዐየ ናይ ጾታ ፍልልይ ክትገብር ስለዘይተገብበ፡ ኩሉ ወዲ ኣዳም ንጾማን ዝሰመረ'ዩ ነይሩ። ማዕረ ስራሕ ንማዕረ እቶትን ማዕረ ምቕርሐን፡ ቅድመኣኸኦት ምንባር እዩ ዝበረ። ፍልሙ-ዴሳዊ ሕብረተሰብ ከኣ በዚ እዩ ዝልለ። ምስ ማሰርሕ ማሕበራዊ፡ ባህላውን ቴክኖሎጂያውን ፍልቀት ኣወዳደባ ኣገባብት ማእቶት ግን፡ ማዕረ-ማዕረኡ ለውጢ ኣብ ትካላዊ ቅርጺታት ስድራቤታት እናማዕበለ መጺኡ።

ዳርጋ ኣብ ምሉእ ዓለም ናይ ዘለዉ ሕብረተሰባት፡ ካብ'ተን ኣዝየን ዝማዕበላ ክሳብ'ተን ዝተሓተ ቁጠባዊ ዕብየት ዘለወን ሃገራት፡ ቦታ ደቂ ኣንስትዮ ብመንጽር ኣብ ሕብረተሰብ ዘለወን ኣበርክቶ ምስ ዝጸጸረ፡



ግቡእ ቦታኡ ሓዚ ክበሃል ኣይክእልን። ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ህንጻት ስድራቤት መራሕ ተራ ዋላ እንተ ሃለወን፡ ኣብ ምክፋል ናይ'ቲ ስድራቤት ዘጥህልሉዎን ዝወሃቡዎን ጸጋታት ግን፡ ትሑት ተራ'ዩ ጸኒሑወን። ካብ'ቲ ጓለንስተይቲ ዝዓመሞ ዝፍ ስራሕ፡ እታ ወዲ ተባዕታይ ዝዐጸያ ንእሽቶ ስራሕ፡ ዝያዳ ክብሪ ይወሃባ ነይሩ። ብኸምዚ ኣገባብ ድማ ዘመናት ሓሊፉ።

ከም ኣካል ኩሉ ሕብረተሰብ ዓለም፡ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ'ውን እዚ ፍልልይ ዓሚቕ ሕሳጉት ዘለዎ'ዩ። ቅድም-ቀዳድም ከም ኣፍረዩት ብዙዮጎእ ኣይትርኣን'ያ ዝበረት። ወይ'ውን እቲ ዘፍረየቶ፡ ነታ ስድራቤት ክብሪ ዝወሰኽ እታው ከምዝነበረት ኣፍልጦ ኣይረኸበን። ወዲ ተባዕታይ ዝወሃቦ ማሕበራዊ ቦታ ድማ ሃይማኖታዊ ናይ'ቲ ኣብ ሕብረተሰብ ዝሰረጸ ዝዉግ (biased) ባህላውን ማሕበራውን ኣመለኻኽቲታት እዩ።

እዚ መድረኽ ሕብረተሰባዊ ቅርጺ ዝቕይር ኩነታት ግን፡ ኣብ እዋን ቃልሲ ንጽጽኑት እዩ ነይሩ። እዚ ከኣ፡ ኣብ ኣእምሮ መራሕቱ ሰውራ ዓኹኹ ናብ ግብሪ ክቕየር ዝጀመረ፡ ኩሉ መዳያዊ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ቃልሲ ስለ ዝተረጋገጸ እዩ። ካብ'ቲ ንብር ፍልቀታዊ ኣመዓብላ ሕብረተሰብ ወጺኡ፡ እቲ ሓይሊ ሓሳብ ዝፈጠሮ ዋሕዚ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ቃልሲ ሰውራ ኤርትራ፡ "ማዕርነት ብዙሓፍልነት ኣብ ስራሕ" ዝብል ሓሳባዊ ኣምር ፈጢሩ፡ ግብራዊ ክኸውን ኣኺኢሉዎ'ዩ። እታ ሩሕ የብላን እትብሃል ጓለንስተይቲ፡ ሩሕ ኮይና ዕምሪ ሩሕ ጸላኢ ከተሕጽር ቡቲ ሓደ ሸነኽ፡ ሩሕ መጥያ ሩሕ ብጾታ ከተድሕን ድማ ቡቲ ካልእ ሸነኽ፡ ኣብ ኣኽራናት ሳሕል ሓደሽ መድረኽ ታሪኽ ከፊታ። መድረኽ ማዕርነት ብሓሳብን ግብርን፡ ዩኒቨርሲቲታት ዓለም ክልሱ-ሓሳብ ማዕርነት ግብራዊ ክኸውን ይኽእል'ዶ ኢለን መልሲ ክደሪኸባሉ፡ ጓለንስተይቲ ኤርትራ፡ ኣንጻር ትምክሕቲ ጸላኢታ ደው ብምባል "ይከኣል'ዩ" ዝብል መቓልሕ ካብ እምባ ደንደን ናብ ምሉእ ዓለም ኣቃሊሓ። እዚ ድማ ሓሳባት ኣብ ነገራዊ ሓይሊ ዝቕይር ንጽላእቲ ዘህርር መቓልሕ'ዩ ነይሩ።

ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ፡ ከም ኣብ ምምጻእ ናጽነት፡ ኣብ ምኽባር ልኡላውነትን ልምዓት ሃገርን ብንጡፍ ተሳትፎ ምልኣት ዘለዎ ኣግእዞ ንምጉንጻፍ፡ ኣብ ድሮብ ቃልሲ ተጸሚደን ደርኪቡ። ህይወተን ዝኸፈላ፡ "ሃገረይ ስልማተይ" ብምባል ንዓመታት ዘዋህለልኦ ማል ንሃገር ዘወፈያ፡ ነቲ ናይ ትማሊ ናይ ጅግንነት ታሪኽ ደጊመናኦ እየን።

ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሉም ጽላታት ምዕባሌ ኣብ ኣግእዞኣን ደራኺ ረቛሒ እዩ። ተሳትፎ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ፡ ተሳትፎ ኣብ ቁጠባ ስድራቤትን ከምኡ ተሳርፎ ኣብ መራሕነትን ህዝባዊ ምሕደራን ድማ፡ ካብ'ቶም መሰረታውያን ንምዕባለ ዝደፍኡ እዮም።

ቅድሚ ኩሉም ዝሰርዕ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ እዩ። እዚ ድማ፡ ኣብ ኣግእዞ ደቂ ኣንስትዮ መሰረታዊ ናይ ለውጢ ሃዋርያ ኮይኑ፡ ኣብ ምዕባለ ሕብረተሰብ ዓቢ ኣበርክቶ ስለ ዘህልዎ'ዩ። ከም ሃገርን ሕብረተሰብን፡ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ክረጋገጽ፡ ተራፉና ዘሎ ዕዮ ዘዘ ከምዝይቶ ዝኩሓድ ሓቂ ኣይኮነን። ብሓሳብን ግብርን፡ ሓርነት ጓለንስተይቲ ኣብ ቅድሚት ዘይሰርዕ ሕብረተሰብ፡ ክምዕብል ኣይክእልን'ዩ። ከምቲ ሓንቲ ኢዱ ዝተጐድአ ሰብ፡ ማዕረ'ቲ ክልተ ኣእዳው ዘለዎ ክዩጹ ዘጸግሞ፡ ጓለንስተይቲ እጃማ ዘይተበርክተሉ ሕብረተሰብ እውን ብዙሕ'ዩ



ዝጉድሎ። ምኽንያቱ፡ ምልኣት ዘለዎ ንጡፍ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣገዳሲ ረቛሒ ዓወት እዩ። እዚ ከኣ ኣብ ሱ-ሓሳብ ሰውራ ኤርትራ ዝማዕበለን ደራኺ ዊእታ ናይ'ቲ ብማዕርነት ዝረጋገጽ ኣግእዞ ደቂ ኣንስትዮን ኮይኑ ዝቕጽል ዘሎ'ዩ። ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ እዚ ኣገዳሲ ንጡፍ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ብዝምልከት፡ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ከምዚ ኢሉ ነይሩ፡ "ብመንጽር ዘመናዊ ታሪኽ ክርአ እንከሎ፡ ደረጃ ንጡፍ ተሳታፍነት ደቂ ኣንስትዮ መለክዒ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ስልጣነ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ምዕዋትን ዘይምዕዋትን ኣገዳሲ ረቛሒ'ውን እዩ።"

ኣብ ቃልሲ ንጽጽኑትን ምኽባር ልኡላውነትን ኣብ ማሰርሕ ህንጻት ሃገርን ምዕባለን ተራ ጓለንስተይቲ ኤርትራ መዘና ኣልቦ'ዩ። ኣብ ላዕሊ ከምዝተጠቕሰ፡ ምዕዋትን ዘይምዕዋትን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ንጡፍ ተሳትፎ ጓለንስተይቲ ዝምርኮሰ'ዩ ኮይኑ ጸኒሑ። ንኣብነት፡ ኣብ ምምጻእ ናጽነት፡ ቀጥታዊ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ 33% ነይሩ። ተፈጥሮ ዝሃበን ባህሪ ተጻዊረን ንሶማኡን ነበኡን ጥራይ ዘይኮነ ኑቶም ትማሊ ዝሓለፉዎ ከይተረፈ፡ "ናይ ብሓቂ ዲና... ሓሊፍናዮ" ዝበሃላሉ ዕጹብ ድንቂ ናይ መድረኽ ቃልሲ ሰጊረን ናጽነት ኣምጺአን። እዚ ንጡፍ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሰውራዊ ቃልሲ ድማ፡ መርኣያን መለክዕን ስልጡን ሕብረተሰብ ኤርትራ'ዩ። ምኽንያቱ እቶም እዚ ተሳትፎ'ዚ ክወን ዝገበሩ፡ ጫፍ ብራኽ ጓለንስተይቲ ኤርትራ ብዙዮጎእ ክንጸብርቕ ባይታ ዝፈጠሩን መራሕቱ እቲ ውድብ'ውን፡ ካብ'ዚ ሕብረተሰብ ስለዝወጽኡ'የም ግብራዊ ገይሮምዎ።

መራሕቱ ህዝባዊ ግንባር፡ ንጡፍ ተሳትፎ ጓለንስተይቲ ኣብ ኩሉ መዳይ ቃልሲ ዘድሊ ባይታ ከጣጥሕ ከሎ፡ ንፍሉይ መድረኽ ጥራይ ዘገልግል ስልቲ ብምስኣል ኣይነበረን። ካብ ዓሚቕን ልባውን ግንዛበ ዝብገሰ'ዩ። እዚ ከኣ እቲ ውድብ፡ ንጡፍ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ልምዓትን ሃገራዊ ድሕነትን ክህልዎ ዝኽእል ኣበርክቶ ብምስትውዓል ስለዝተገንዘበ፡ ዓወት ብሓደ ኢድካ እናኣጣቓዕካ ክመጽእ ከምዘይክእል ብኢጋኡ'ዩ ተረዲኡዎ። ሂዚብራቕ ናይ'ዚ ከኣ ክቡር ፕረዚደንት ኣብ 7ይ ጉባኤ ሃማደኤ 2014፡ "ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውዳበን ንጡፍ ሱታፌ ኣብ ሃገራዊ ድሕነትን ልምዓታዊ ዕብየትን ናይ ትማልን ሎምን ጽባሕን ግድነት እምበር ንፍሉይ መድረኽ ጥራሕ ዘገልግል ኣምር ወይ ፍልስፍና ከምዘይኮነ ክስመረሉ ዝዮጎእ ሓቂ'ዩ።" ዝበሎ ምዝዙር ኣኻሊ እዩ።

ኣብ ቃልሲ ንጽጽኑት ዝበረ ውዳበ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሃገራውን ዓለምለኻውን ወኪልና ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ብዘንጸብርቕ ኣገባብ፡ ካብ ሰውራዊ ውዳበ ናብ ሃገራዊ ውዳበ ተሰጋጊሩ፡ ሃገራዊ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ክቖውም ኣኺኢሉ እዩ። ደቂ ኣንስትዮ፡ መሰለንን ግቡኣተንን ዝረኽባ ስልጥንቲ ሃገር ምህናጽ ዝብል ራኢ ሐዚ ድማ ግቡእ ኣበርክቶ ዝገብር ዘሎ ሃገራዊ ማሕበር'ዩ።

ትምህርቲ፡ ደቂ ኣንስትዮ ማዕረ መሰልን ግቡእን ዘሰላስላ ቀንዲ ደፋኢ ሓይሊ ናይ ዕብየተን'ዩ። ኣብ ኤርትራ፡ ትምህርቲ ካብ ምጅማር ክሳብ ላዕለዋይ ደረጃ ብናጻ ክፍሊት ስለዝወሃብ፡ እዚ ዕድላት ተጠቒመን ሂወተንን ሕብረተሰበንን ዝቕይራ ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ፡ ውሑዳት ኣይኮናን። ሕጂ'ውን ምዕባለን ኣግእዞን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ዝምርኮስ ክሳብ ዝኾነ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ዕድል ናይ ትምህርቲ ብዙዮጎእ ክጥቀማሉ ለበዋ ኣየድልዮን። ምኽንያቱ ትሑት ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ፡ ብፍላይ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት፡ ነቲ ብንጡፍ ተሳትፎ ደቂ ኣንትሰዮ ክዝውተሓ ንጽዕተሉ ዘሎና ህንጻት ሃገር፡ ዘደናጉ እዩ። ስለዚ፡ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ንኽረጋገጽ ኣብ ባይታ ዘለዉ ዕንቅፋታት ብውህደት ምጽራግ፡ ደጋጉላይ ዘየድልዮ ሓብራዊ ዕዮ ምዃኑ ክስመረሉ ይግባእ። እቲ ምንታይ፡ መሰልን ማዕርነትን ደቂ ኣንስትዮ ዘየኽብር ሕብረተሰብ፡ ብሓቂ ሓራ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

ኣሃዱ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## *VACANCY ANNOUNCEMENT*

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

**Senior Resources Geologist**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Definite (2 years)**

**Major Duties and responsibilities**

• Senior Resource Geologist will develop and optimize Asmara Mining Share Company (AMSC) Feasibility Models for both Resource and Reserve work.
• Contribute to and execute best-practice Resource estimation workflows that are fit-for-purpose to the business needs.
• The development of Resource Model will encompass all of Exploration and Mine site geological information from past and current drilling data, JORC 2012, NI43-01 reports, ore domain, surface solids, ore solids, structures and faulting information, core logging and any relevant geological information that assist in the development of models.
• The objective is to validate and improve all AMSC Resource models used in LOM schedules, thus bringing model risk which has financial consequences level low and to build capacity in the achievement of maximum ore recovery (tones and grade) with minimum dilution within the practical Mineral Resource estimation technics.
• Technical reporting due diligence and project reviews.
• provide input to engineering packages for project governance.

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS SHEC**

• Follow the organization's HS&E policies, procedures, and mandatory instructions to identify and mitigate environmental risks and risks to the wellbeing of oneself and others in the workplace.
• Instruct the team in safe working methods; identify instances of risky behaviors within the team and take appropriate action, escalating serious issues as appropriate.
• Ensure that all subordinates are aware of their SHEC responsibilities and follow company policies and procedures.
• Develop a risk management culture and ensure that high risk controls are in place.
• Ensure that all SHEC actions are completed on time and to the required standard.

Resource Modeling
• Establish, maintain and update all Asmara Mining Share Company (AMSC) Resource Models for each tenement.
• Apply expertise in sampling protocols, database management, QA/QC, 3D geological modeling, and applied geostatistics for Resource Estimation.
• Utilize industry-standard software packages (Datamine Studio RM, Sequent Leapfrog Geo) to produce Resource models, including short-term grade control models.
• Assist the Mining and Mineral Exploration team to be in compliance with National Instrument 43-101, JORC 2012 code and guidelines for Mineral Resources and Mineral Reserves (MRMR).
• Provide technical assistance to the Mine Operations, Engineering and Exploration teams for Ore Delineation and Waste Material Management, Short- and Long-Term Planning, Short-Term Resource Modeling, Pit Wall Geotechnical Performance, and Geo Metallurgical Performance Tracking.
• Conduct monthly reconciliation to identify areas of mining or model non-performance.
• Ensure that all Resource Models are fit for purpose for each of the commodities at Asmara.
• Liaise with the processing team and provide them with information to assist with maximizing metal output.

**Reporting**

• Collate, analyze, and interpret data to write impactful technical reports that summarizes adopted workflows, that explains business impacts.
• Preparation of Technical Reports (NI 43-101), news releases, presentations and other disclosures as required.
• Resource Geology reporting (weekly, monthly, quarterly) to be completed on time and at a high standard.
• Develop a reconciliation system between Resource and production performance monthly.

Quality
• Ensure that the Resource Estimation practices are supported by quality assurance in the field.
• Document Resource Modeling, Estimation and Management which incorporates Standard Operating Procedures and Block Model validation.
• Validating block models against geological controls to mineralization.

Data Collection
• Ensure that data collection methods are sound and supported by systems and quality control.
• Oversee Resource definition and Target generation programs to ensure safety and QA/QC compliance is delivered.

Analysis
• Strong analytical and problem-solving skills with a focus on Resource modelling.
• Undertake geological analysis and interpretation of data to develop Resource models.
• Develop and analyze the geological controls of AMSC deposits to optimize extraction of the resources.
• Analyze lithological and structural controls on VMS mineralization in the Asmara mines.
• Identify and analyze trends linked to model performance.

Human Resource Management
• Exceptional written and verbal communication skills with strong mentoring capabilities.
• Manage the work performance of employees working in grade control.
• Identify training and development needs in line with the personal development plans and company objectives.
• Ensure that all team members are appropriately trained and assessed so that they can safely perform.
• Provide mentoring and coaching to the Eritrean workforce in grade control and related topics.
• Professional registration with Association of Professional Geoscientists. (AUSIMM, SAIMM etc.)

Administration
• Assist Chief Geologist to manage Mineral Resource development to ensure coverage is provided.

**Profile: Qualifications and Experience**

**Formal Education, Certifications or Equivalents**

• Minimum Bachelor of Science (B.Sc.) in Geology/Geological Engineering/Earth Science from an internationally recognized University; M.Sc. preferred.

**Working Experience – Nature & Length**

• Minimum of 10 years' experience in Metalliferous Mining and Mineral Exploration Industry.
• 5+ years working experience as a Senior Resource Geologist.
• Professional registration with Association of Professional Geoscientists body, (CIM, AUSIMM, SAIMM).
• Advanced knowledge of 3D mining software packages including (Datamine, Leapfrog) wire framing and block modeling.
• Underground mining and exploration experience is desirable.
• Knowledge of VMS and other base metal mineral deposit styles of mineralization.
• Thorough understanding of Mineral Resource data collection methods, production planning and Cutoff grade analysis.
• Experience of expatriate mining positions.

Technical Skills
• Competent user of MS Office (Excel, Word & Power Point) and Outlook.
• Competent mining software and related packages, preferably Datamine, Leap frog and MapInfo and GIS.
• Strong capabilities with database management, QA/QC protocols and

*Continued on page 7*

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሰምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

Continued from page 6

## *VACANCY ANNOUNCEMENT*

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

**Senior Resources Geologist**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Definite (2 years)**

geostatistical analysis, Kriging and simulation methodologies.

• Resource modeling and declaration and reporting in compliance with JORC 2012 and NI43-101 security code.

• Review of project opportunities for potential acquisition or investment by providing high quality resource modeling, estimation, and technical reporting.• Understanding of QA/QC procedures, drilling and sampling practices and standard industry laboratory analytical methods Resource estimation, validation and presentation skills.

• Resolve queries from engineering, operations, or others as applicable by providing information on complex processes and the related policies Resource - Reserve and Mine to Mill reconciliation practices.

**Behavioral Skills**

• Excellent communication and interpersonal skills for effective collaboration with geology, metallurgy, and operations teams.
• Excellent organizational skills with a high level of attention to detail and accuracy; Interpersonal relationship skills.
• Attention to detail
• Ability to train and mentor team members.
• Commitment to maintaining safety standards.
• Performance management.
• Understands the cultural sensibilities of Eritreans.
• Good written and verbal English communication skills.

**General Information and other requirements:**

| | |
|---|---|
| • Place of Work: | Asmara and AMSC Sites |
| • Type of contract: | Definite Period (2 years) |
| • Salary: | As per the Company salary scale |

**Additional requirements for Nationals:**

• Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
• Present clearance paper from current/last employer.
• Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
• Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
• Application documents will not be returned to the sender.
• All applications should be sent through the post office.
• Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

**• Address: Please mail your applications to;**
**Asmara Mining Share Company,**
**P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**

**• Applicants shall be required to send a copy to:**
**Mineral Resources Management**
**P.O. Box – 272**
**Asmara**

**• Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment Permit Affairs,**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**



## ምስጋና

ብመስዋእቲ ኣዝዩ ዘፍቅሮ ወደይ እሰይ ዓንደም፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ባጽዕ ሪሳ ሒዝኩም ዝመጻእኩምን ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን፡ ፈተውቲ፡ ኣዕሩኽትን መሳርሕቱን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ንገልጽ።

ኣዴኡ ዕቁባ ዳኘው ምስ ኣሕዋቱን ምሉኣት ስድራቤትን

---

ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ማ/ከተማ ዚፕ ኮድ 1A119 ፕሎት 8 ፓርስል E ጎደና ዓዲ ኳላ ቁ.ገዛ 18 ዝርከብ፡ ኣብ 154.8 ት/ሜ ስፍሓት መሬት ዝተደኮነ፡ ብመለለዩ ቑጽሪ ንብረት 1፡004185 ካብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ብስም ኣለምሰገድ ፍቓዱ ካሳሁን +2 ዝተመዝገበ ገዛ፡ ስም ከለመሓላልፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓኢታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን የቕርብ። ዝቃወም ምስዘይህሉ ግን ኦርጂናል ሰነድ ሒዝና ጉዳይና ከንፍጽም ምዃንና ንሕብር።

ወኪል ፍረወይኒ ፍቓዱ

---

ኣነ ሄኖክ በየነ ኣብርሃ ዝተባህልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ሰምበል ከበ./ዚፕ-ኮድ ሰምበል 1A867 ጎደና 867-11 ፕሎት 1144 ቁ.ፓርሰል/ዞና ASP00032994 ፓርሰል J ዝርከብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1001769/1 ብዕለት 05/11/2007 ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸለይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ስለ ዝሸጥክዎ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓደግቲ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ሄኖክ በየነ ኣብርሃ

---

ኣነ ኣመልካቲ ወልደእየሱስ ያሬድ ተስፋማርያም ዝተባህልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ሰምበል ከበ. ቦንድ ዚፕ ኮድ 1A868 ፕሎት 122 ፓርሰል D ጎደና 868-132 ቁ.ገዛ/ስፍሓቱ 500 ት/ሜ ዝኾነ G+1 ገዛ፡ ዋንነቱ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዩ ቁ.ንብረት 1'005855 ብስመይን ብስም በ/ቤተይ ሳራ ተስፋእዝጊ ሓድጉን ዝተመዝገበ/ ዝተረጋገጸ ገዛ ስለ ዝሸጥናዮ'ሞ ናብ ስም ዓዳጊ ክመሓላለፍ ስለ ዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናብ መውዓኢታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ወልደእየሱስ ያሬድ ተስፋማርያም

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ጸዓዘጋ፡ ኣብ ዓዲ ቤት መኻእ ብስም ምስየና ጉብረስላሴ ካሕሱ ዝፍለጥ መንበሪ ገዛ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክርነት ወረቐት 115560 ብመወከሲ ቑጽሪ 137146/136109 ዝተመዝገበ፡ ብውርሲን ምቕሊትን ዝረኸብክዎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ነቲ ብምቕሊት ዋንነት ናተይ ዝኾነ ገዛ ስፍሓቱ 121.00 ት/ሜ 2 ቀንዲ ክፍልታት፡ 2 ተሓጋጋዚ ክፍሊ ዘጠቓልል መንበሪ ገዛ ናብ ዋንነት ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወረቐት ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተ ነይሩ እንተኾይኑ ናይ መውዓኢታ ውሳኔ ወረቐት ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታዮ ዞባ ማእከል ይቕረብ።

ናትናኤል ምስየና ጉብረስላሴ

---

ኣብ ን/ዞባ ማይተመናይ ጎደና 126-5 ቁ.ገዛ 55 ፕሎት 12 ፓርሰል B ስፍሓት 150 ት.ሜ ዝኾነ ተራ ገዛ ብመለለይ ቁ/ንብረት 1BRASM012889/1 ብስም ዓወት ጉብረትንሳኤ ንገሰ +6 ዝተመዝገበ ገዛና፡ ንኣቶ ምሕረተኣብ መድሃኔ ተድላ ምስ ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሳራ ኪዳነ ጉብረስላሴ ስለዝሸጥናሎም'ሞ ናብ ስሞም ክሰጋገር ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደር ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓኢታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግና ጉዳይ ምትሕልላፍ ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር።

ዓወት ጉብረትንሳኤ ንገሰ +6

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

## ዓንኬል ሓሳባት

ሻውዓይ ክፋል

*“መጐታዊ ኣተሓሳስባ ንእለ ኣእምሮኻ ምጥቃም፡ ንዝረራት ክንጽ ከርናዕ ኣመለኻኽታኻ ምጥማት ከም’ኡ እውን ንእበን መርጋጺኻ ኣቓድምካ ምርኣይ እዩ።” -* **በል ሀዝስ**

*“ሰባት ጸቡቕ ክጽሕፉ ዘይክእሉ እንተ ኾይኖም፡ ጸቡቕ ክሓስቡ ኣይክእሉን እዮም። ጸቡቕ ክሓስቡ ዘይክእሉ እንተ ኾይኖም ከኣ ካልኦት ሰባት ኣብ ክንዳኦም ኮይኖም ይሓስቡሎም።” -* **ጆርጅ ኦርዌል**

ኣብ ዝተፈላለዩ መጽሓፍቲ ብዛዕባ ስለ መጐታዊ ኣተሓሳስባ ገለ ጽሑፋት ርእየ ንኸውን ኢና። ካብ ዝተፈላለዩ ሰባት እውን ሰሚዕናዮ ክንክውን ንኽእል ኢና። ካብ እዚ ተበጊሰ፡ “ንምኻኑ መጐታዊ ኣተሓሳስባ እንታይ ማለት እዩ?” ዝብል ርትዓዊ ሕቶ ከቕርብ ባህርያዊ እዩ፡ “ስለምንታይ እዩኸ ኣገዳሲ ዝኸውን?”

ቅድሚ ብቐጥታ ናብ ትርጉም መጐታዊ ኣተሓሳስባ ምስጋርና፡ ነዚ እትስዕብ ኣብነት እሰከ ንርአ፡ ንሸኻ ነታ ብዓርከኻ እተደርሰት ፊልም ክትርኢ ተዓዲምካ እሰከ ንበል። የግዳስ ንሸኻ ነታ ፊልም ምስ ርኣኻያ ኣይተበርሃትካን።

ኣብ መወዳእታ ወዮ ዓርክኻ፡ “እዛ ፊልመይ እሞ ከመይ ረኺብካያ?” ብህንጡይነት ሓቲቱኒ።

ወደየት ክአ ብቕዓቱና ከም ዘይፈተኻያ ዳሕዳሕካሉ።

“ስለምንታይ?” ዝብል ሕቶ ኣሰዒቡልካ።

“እቲ ምንታይሲ፡” ኢልካ ጀሚርካሉ፡ “እዛ ፊልምኻ ንጭውነተይ ተፈታቲናቶ እያ።”

“እቲ እተጠቐምካሉ ቋንቋ ደዩ ዘይተዋሕጠልካ።”

“ኣይኮነን።”

“እንታይ ደኣ፡ እቲ ኣብ ፊልመይ ዘሎ ኣገባብ ፍቕሪ?”

“ኣይኮነን።”

“እሞ እንታይ ከም ዝኾነ ክትነግረኒ ትኽእልዶ?”

“እቲ ኣብ ፊልምኻ ዝረኣኹዎ ‘ኣጥቃዒ ዓመጽ’ (offensive violence) ባህ ኣይበለንን።”

ብርግጽ እዚኣ እኽልቲ መልሲ ክትከውን ትኽእል ኢያ። የግዳስ ወዮ ዓርክኻ፡ “ኣጥቃዒ ግጭት እንታይ ማለት ድዩ?” ኢሉ ነቲ ጉዳይ መሊሱ እንተ ዘመጥጠኸ።

ኣብ ከምዚ ኩነታት ህድእ ኢልካ ብኸመይ ክትምልሰሉ ከም ዘሎካ ክተሰላስል ይግባእ። ‘ኣጥቃዒ ዓመጽ’ ኣብ ፊልምታት ክንጸብረቕ እንከሎ፡ ብኸመይ ኢኻ ትገልጾ? ብወገንካ ነዚ ኣምር እዚ ብኸመይ ኣብ ፊልም ከም ዝንጸብረቕ ምገበርካዮ?

ነዚ ኣምር ካብ ፊልም ኣውጺእና እውን ብሓፈሻኡ ህዝቢ ብኸመይ ከም ዝርድኦ ክንፈልጥ ይግባእ። እቲ ምንታይሲ፡ ዝተፈላለዩ ሰባት ነዚ ኣምር ዝተፈላለዩ ትርጉማት ክህብዎ ይኽእሉ እዮም። ከንዲ ዝኾነ ነቲ ንሸኻ እትህቦ ትርጉም ዘይፍርድእዎ ከም ዝኽእሉ ኣብ ግምት ከተእትዎ ጸቡቕ እዩ።

ነዚ ኣምር ምግላጽ ከቢድ ምዃኑ እንተ ተገንዚብና፡ “መጐታዊ ኣተሓሳስባ” ንምትርጓሙ ክሳብ ክንደይ ከቢድ ምዃኑ ኣይንስሕቶን ኢና። ጌና ‘መጐታዊ ኣተሓሳስባ’ ማለት ጸቡቕ ኣተሓሳስባ ኢልና ክንትርጉሞ ንኽእል ኢና። ንመጐታዊ ኣተሓሳስባ ኣንጻር ዘይስ መጐታዊ ኣተሓሳስባ ወይ ዘይርትዓዊ ኣተሓሳስባ ገይርና ኢና እንገልጾ።

ኣብ እዚ መዳይ ዘሎና ርድኢት ዝያዳ ክንፍትሖ እንተ ደሊና፡ ናብ ሕቶታት ኢና እንህንደድ። ንኣብነት፡ መጐታዊ ኣተሓሳስባ ምስ ፈጠራዊ ኣተሓሳስባ ሓደ ዓይነት ድዩ? ዝተፈላለዩ ድዮም? መጐታዊ ኣተሓሳስባ ምስ ምሁራዊ ተውህቦ (aptitude) ብኸመይ ይዛመድ?

መጐታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ እቲ ቐንዲ ኣርእስቲ ወይ ትሕዝቶ ንሸኻ እትፈልጦ ደዩ ዝድህብ ዋላስ ኣብ እቲ ንሸኻ ብዛዕባ እቲ ትሕዝቶ መርትዖ ከተቕርብ እንከለኻ እትጥቀመሉ ሜላ እዩ ዝድህብ?

ንሸኻ ብዛዕባ እዚ ኣልዒልናዮ ዘሎና ሕቶ ገለ መበገሲ ዝኸውን ሓሳባት ከተመንጩ ከቶ ጉዳይ ኣይኮነን። ንሕና ደቂ ሰብ ዝያዳ እንምሃር፡ ካብ ቀዳመይቲ ማስመር እታ ጽሕፍቲ ክሳብ መዛዘሚ እታ ጽሕፍቲ ብኣድህቦ ምስ እነንብቦን እንመራመረሉን እዩ።

ግርም። እሞኸ ደኣ ንመጐታዊ ኣተሓሳስባ ብኸመይ እንተ ገሊጽናዮ ይሓይሽ ትብል? ንሸኻ ክትሽምድዶ እትደሊ ትርጉም ጥራይ ከም ዘይትጸበ ተሰፋ ንገብር። ዋላስ ከምኡ ኢኻ እትደሊ?

ከም እዚ ዓይነት ትጽቢት ናይ በሉሕቲ ሰባት ኣይኮነን። ንማኻ ተመሊሱ ዘርብሓካ እውን እዩ። እቲ ካብ እዚ ጽሑፍ ክትጸበዮ ዘሎካ፡ ንኽእለት ነቐፌታዊ ኣተሓሳስባኻ ኣብ ምብላሕ ዝጠቕመካ ቀጥም ነገር ምቕሳም እዩ። ብተወሳኺ፡ ንመንፈስ መጐታዊ ኣተሓሳስባ ምኽሳስ እውን እዩ።

ዋላ እኳ ምሽምዳድ ብርክት ዝበለ ኣገዳሲ ጥቕሚ እንተ ሃለወ፡ ምድንፋዕ መጐታዊ ኣተሓሳስባ ግዱ ኣብኡ ዝኣቱ ኣይኮነን። ሕጂ ናብ እቲ ኣቐዲምና ኣልዒልናዮ ዝበርና ‘ኣጥቃዒ ዓመጽ’ ዝብል ኣምር እሰከ ንመለስ። ብየናቕምኻ ክትትርጉሞ ፈቲንካዶ? ቅድሚ ሕጂ ዝረኣኻዮም፡ ‘ኣጥቃዒ ዓመጽ’ ዝሓዙ ፊልምታት ክትዝክር ፈቲንካዶ? ምስ ካልእ ትሕዝቶ ዘለዎም ፊልምታት ከተዛጻርዎም ፈቲንካዶ? ከምኡ እንተ ገይርካ ጸቡቕ እዩ።

እዚ ሓደ ካብ እቲ ኑቲ ግድል እትፈትሓሉ መንገዲ እምበር፡ እቲ እኹ መንገዲ ኣይኮነን። ብቴክኒካዊ ዓይኒ እዚ መርኣያ ወይ ፓራዳይም ጉዳያት ተባሂሉ እዩ ዝፍለጥ። የግዳስ ከም ዝኾኑ ብዙሓት ነገራት ኣብ ህይወት፡ ኑቲ ነገር ንኽትሰርሖ ግድን ኣይኮንካን ስሙ ክትፈልጦ ዘሎካ።



## መጐታዊ ኣተሓሳስባ

ጆን ቻፊ ደረሲ ናይ እታ “Critical Thinking” ዝርእስታ ብልጽቲ መጽሓፍ እዩ። ንሱ፡ “መጐታዊ ኣተሓሳስባ ህይወተይ እዩ። ንዝኣ ርእሰይ ብኸመይ እየ ዝገልጾ። ኣነ ምሁር እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ እዞም ሓሳባት ትርጉም ከም ዘለዎም እየ ዝርድኦ። ዋላ እቲ እምንየና ብፊተና ንምንጋም ኩሓልፍ ከም ዘለዎ እየ ዝገንዘብ።” በዚሉ እዩ።

ንገለ ጉዳያት ፓራዳይም ብኸመይ ኢና ንጥምቶም? ንትምህርቲ ዝመልኡ ምሕታት ሶቅራጥስ ብኸመይ ንመዝኖ? ኑቲ ኣብ ተኸታተልቲ ድራማታት ናይ ቴለቪዥን ወይ ፊልምታት እንርእዮ ክርክር ናይ ጠበቓታት ብኸመይ ንርድኦ? ሰባት ንሓንቲ ጸገም ንምፍታሕ ብሓባር ክሰርሑ እንከለዉ ብኸመይ ትዕዘቦም?

ሓደ ሰብ ኣብ መዳይ ብጽሞና ምስማዕ ንፉዕ ስለ ዝኾኑ፡ ንኸሉ ወገን ክስዕ ብምስማዑ፡ ንኸሉ ጭብጥታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነቲ ተዛማድን ዘይተዛማድን ብምውሳኑ ኣገዳሲ ፍርዲ ክህብ እንከሎ ብወሸጥኻ እንታይ ዓይነት ስምዒት ይፈጥረልካ? ሓደ ሰብ ንእተሓላለኹ ሓሳባት ብርትዓዊ መንገዲ ብጽሑር ንኹሉም ወገናት ጸሚቑ ዘቕርብ እንተ ኾይኑ ወይ ሓደ ሰብ ንሓደ ነዊሕ ጽሑፍ ንመልእኽቱ ከየበላሸወ ብርትዓዊ መንገዲ ጸሚቑ ክገልጽ ዝኽእል እንተ ኾይኑ እንታይ ስምዒት ይፈጥረልካ?

ሓደ ሰብ ክድህሰሱ ዘለዎም ኣማራጺታት ክምህዞ ዝኽእል ጥራይ ዘይኮነ፡ እቶም ንሱ ዝፈጠሮም ኣማራጺታት ክሰርሑ ከም ዝኽእሉ ገለ መርትዖታት ከቕርቡ እንከለዉ፡ ብጹጋ ዝቕበል እንተ ኾይኑ፡ እንታይ ዓይነት ትምህርቲ ይፈጥረልካ? ሓደ ሰብ ንሓደ ፍሉይ መደምደምታ ብኸመይ ከም እተበጽሐ ወይ ስለምንታይ ገለ ረቛሒታት ከም ዝጎብኡ ክገልጽ ዓቕሚ ስለ ዘሎዎ ብኸመይ ትርእዮ?

ሓደ ጉጅለ ኣህጉራውያን ክኢላታት፡ ብዛዕባ መጐታዊ ኣተሓሳስባ ንዝጠዝዘ ሰብ ክሰማምዕ ዝኽእል ትርጉም ክወጽእ ተሓቲቱ ነይሩ። ንሱቶም ካብ እቲ ሓደ ኣቐዲሞም ዝዝብርዎ፡ “እቶም ዝበለጹ መጐታውያን ሓሰብቲ ብዓል መን እዮም? ንኣቶም ከም ብሉጻት ሰባት ክንቖጽሮም ዝኽኣለና ኣብኣቶም እንታይ ስለ ዝረኣና ኢና?” ዝብሉ ሕቶታት ምቕራብ እዩ።

እሞ ናባኻ እሰከ ክንምለስ፡ ንሸኻ ካብ እትፈልጦም መጐታውያን ሓሰብቲ ብዓል መን እዮም? ካብ እዞም ኣብነታት ዝያዳ ረቛሒቲ ዝኾኑ መግለጺታት ከተውጽእ ትኽእልዶ? ንኣብነት፡ ጠበቓታት እቶም ጉዳዮም ዝሕዙሎም ዓማዊሎም ገበናታት ይኹኑ ንጹሃን ብዘየገድስ፡ ኣብ ቅድሚ ቤት ፍርዲ ከመይ ከም ዝከራኸሩሎም እስከ ኣስተውዕሎም።

ንሱቶም ኑቶም ደዩ ንምእማን ኣሎ ዝበሃል መርትዖታት እዮም ዘቕርቡ። ኑቶም ብኣንጻሮም ጠበቓታት ዘቕርብዎ መርትዖታት ብዘየዳግእ ኣጸኒዖም ንጉበረ መልሲ ድሉዋት ይኾኑ። ኑቲ ዝወሃብ ምስክርነት ይትርጉሙ። ካብኡ ሓሊፎም ኑቲ ብኣንጻሮም ጠበቓ ንዘቕርብ ምጉት ይትንትኑን ይግምግሙን።

ሕጂ፡ ንኣብነት ናይ እቶም ተኣኪቦም ግድል ክፈትሐ ዝፍትኑ ሰባት ኣብ ግምት ኣእትዎ። ኣባላት እቶም ጉጅለ ዘይኮኑ እቶም ኣብ እቲ ቤት ፍርዲ ዝዋስኡ ንሓድሕዶም ክተሓጋገዙ እዮም ዝፍትኑ። ኣድማዕቲ ኣባላት ጉጅለ ንሓድሕዶም ኣይወዳደሩን ወይ ኣይቃጸጹን እዮም። ንሓድሕዶም እናተወሃሃዱን እናተሓጋገዙን እዮም ዝሰርሑ። ከም መሰረታዊ ማጠን ንሓደ ሽቶ ንምውቃዕ ብዘይተጉላቦት ይሰርሑ።

ንሱቶም ኑቲ ጸገም ክሳብ ዘይፈትሕዎ፡ ዋላ ሓደ ካብኣቶም ከም ዕዉት ሰብ ኣይቖጽሩን እዩ። ኑቲ ስራሕ ዝፈትሑሉ መንገዲ ምስ ዝረኸቡ፡ ኩሎም ከም ዝተዓወቱ ይቖጽሩ።

ክንዲ ዝኾኑ ዝበን ክልተ ኣብነታት ብምትንታን ጥራይ፡ ገለ ኣገዳሲ ነገር ክጠቓልል ንኽእል ኢና፡ መጐታዊ ኣተሓሳስባ ዕላማ ዘሎዎ (ንሓደ ነገር ምርግጋጽ፡ ሓደ ነገር እንታይ ምዃኑ ምትርጓም፡ ንሓደ ጸገም ምፍታሕ) ኣተሓሳስባ እዩ። መጐታዊ ኣተሓሳስባ ተሓባባሪ ዘይተወዳዳሪ ጻዕሪ እዩ። ንሱቶም ኣብ ሓደ ማእከሊ ባይታ ወይ ሓበራዊ መጥቃዕቲ ብሓባር ክሰርሑ ይኽእሉ። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ኑቲ ሓቂ ንኸረኽብዎን ምእንቲ ፍትሒ ክሰፍንን ንሓድሕዶም ክራኸቡ ይኽእሉ።

ንሕና ኣብ ሓጺር ግዜ ናብ ዝያዳ ዝጸረ ትርጉም መጐታዊ ኣተሓሳስባ ክንበጽሕ ኢና። የግዳስ ቅድም ቀዳድም ካብ ኣብነታት ፓራዳይም ክንምሃሮ እንኽእል ካልእ ነገር ኣሎ። ብዛዕባ “ኣጥቃዒ ዓመጽ” ክትሓስብ እንከለኻ፡ ክትምደቦም ዘኽኣሉኻ ኣብነታት ኣዝዚፍምኻዶ?

ሓደ ሰብ ከም ኣጥቃዒ ጉዳይ ንዝርድኦ፡ እቲ ኻልእ ሰብ ከም ዘይኣጥቃዒ ክቖጽሮ ይኽእል እዩ። እዚ ኣብ ኩሎም ረቛሒት ኣምራት ከጋንፍ ዝኽእል እዩ። ኣብ ኣምር መጐታዊ ኣተሓሳስባ ድማ ብርእሱ የጋንፍ ኣሎ።

ብዛዕባ ሓደ ሰብ ቃሉ ዝምጓምና ምስ ተሓተትና፡ “እዚ ሰብ እዚ ንጉይ ኣዝዩ በሊሕ ሓሳባይ፡ ንጹህ፡ መጐታዊ፡ ሓላፊ፡ ማስተውዓሊ፡ ንጭብጥታት፡ ክፉት ንኣማራጺታት፡ ...እዩ።” ዝብል መልሲ ክንህብ ንኽእል።

ድሕሪ ገለ መዓልታት፡ ሰሙናት፡ ኣዋርሕ፡ ዓመታት፡ ... ብዛዕባ እቲ ሰብ ተመሳሳሊት ሕቶ እንተ ቐሪባትልና፡ ተመሳሳሊ መልሲ ዘይክንህብ ንኽእል ኢና። ኑቲ ሰብ ዝያዳ ቀሪብና ምስ ፈለጥናዮ ካልእ ዓይነት ሰብ ኮይኑ ክጸንሓና ይኽእል። እቲ ሰብ ነቓጽ፡ ድንዳኖ፡ ሰሰዐ ንርእይቶ ካልኦት ሰባት ዘይጸውር ... ኮይኑ ክጸንሓና ይኽእል።

ከም እዚኣም ዓይነት ሰባት ብተደጋጋሚ የጋጥሙኻዶ?

ግርም። ካብ ከም እዚኣም ጉዳያት እንታይ ክንምሃር ንኽእል? ምናልባት እቲ ጉዳይ ልዕሊ እቲ ካብ ቀሊልቲ ጉዳያት ብምርኣይ ጥራይ ክንምሃሮ እንኽእል ክኸውን ይኽእል እዩ።

ሓደ ሰብ ብልሚኡን ድኽመታቱን ሚዕሪ ክኸውን ይኽእል እዩ። ዝኾነ ሰብ ክንቀርቦ ደዩ ዘሎና ዋላስ ክንርሕቆ? እቲ ጉዳይ ኣብ ማስመር ዶብ ክኸውን እንከሎ፡ ኣገዳሲ ውሳኔ ንኽንወስድ እዩ ዝደፋፍኣና። ምኽንያቱ ፊት ንፊት ይፋጠጥ እሞ፡ ውሳኔ ክንወስድ ይጠልብ - ምእታው ወይ ምውጻእ እያ!

ሓደ ዓርክኻ ኣብ ሓደ መዳይ ብዙሕ ብልሚታት እንተ ሃለዎ፡ ብኻልእ መዳይ ግዳ ገለ ኣበራት እንተ ሃለዎ፡ ብኸመይ ኢኻ ክትቀርቦ ዘሎካ?

ቅድም ቀዳድም ኣብ እቲ ብልሚኡ ኢና ክነድህብ ዘሎና። ብኸምዚ ኢና ምስ ሰባት ብርትዓውነትን ብስነ መጐተን ክንቀርቦም እንኽእል። ኣብ ከምዚ መዳይ ኣምር መጐታዊ ኣተሓሳስባ ሓጋዚ እዩ።

ኑቶም ኣንጻር ርትዒ ዝሰርሑ ክፋላት እውን ዕሽሽ ክንብሎም ኣይግባእን። ኣእምሮና ከቶ ክንዓጽዎ ኣይግባእን። ሓንጎልና ክንዓጽዎ እንከለና፡ ሓደስቲን ተዛመድትን ሓበሬታታት ክንስሕት ንኽእል ኢና። ዋላ ካብ እቶም ድኹማት፡ ዓንቀጽቲ ወይ ዘይመጐታውያን ገለ ተመክሮ ክንቐስም ከም እንኽእል ከቶ ክንስሕቶ ኣይግባእን።

*“ኣእምሮና ብእንታይ ይሓስብ ዘይኮነ፡ ብኸመይ ይሓስብ እዩ ዝምሃሩ።” -* **ክሪስቶፈር ሂችንስ**

*“ንሓይሊ ኣእምሮኻ ክትጥቀመሉ ከም ዘሎካ ፍለጥ። መጐታዊ ኣተሓሳስባ እቲ ቐንዲ መፍትሒ ፈጠራዊ ኣፈታትሓ ጸገም እዩ።” -* **ርቻርድ ብራንሰን**



ይቕጽል

# መዘናጊ

ማርታ ክብሮም

## ካብ ባህላውያን ዓይነታት ሰላምታ

1. **መልሓስካ ምውጻእ፦** ጥንታውያን ቲበታውያን ንሰብ ሰላም ንምባል መልሓሶም የውጽኡ ከምዝነበሩ ይፍለጥ። ኣብ ታሽዓይ ዘመን ላንግ ዳርማ ዝተባህለ ጸሊም መልሓስ ዝነበሮ ኣዝዩ ጨካን ንጉስ ኣብ ቲበት ነበረ። ንሱ ምስ ሞተ ፈለስቲ ናይቲ ከባቢ ብሰላም ከምዝመጽኡን ናቱ ወለዶ ከምዘይኮኑን ንምርኣይ፡ መልሓሶም የውጽኡ ነበሩ። በዚ ዝጀመረ፡ ቲበታውያን ንዊሕ ግዜያት ከም ኣገባብ ሰላምታ ይጥቀምሉ ከምዝነበሩ ይፍለጥ።

2. **ምጥቃዕ ኣፍንጫ፦** ኣብ ቀጠር፡ የመን፡ ዖማን፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ምስ ብጾትካ ንጉዳዊ ርክብ ክትገብር ምስ እትደሊ ኣደካ ሰዲድካ ዘይኮነ፡ ኣፍንጫ ሓድሕድካ ብምጥቃዕ ኢኻ ሰላም ትብሃሃል።

3. **ኣብ ኣየር ምስዓም፦** ኣብ ኣርጀንቲና፡ ቺሌ፡ ፔሩ፡ ሜክሲኮ፡ ሳኦ ፓውሎ (ብራዚል)ን ኮሎምብያን፡ ኣብ ኣየር ምልክት ምስዓም ምግባር ልሙድ እዩ። ኣብ ስጳኛ፡ ፖርቱጋል፡ ፓራጓይን ኢጣልያን ክኣ ክልተ ግዜ ደጋጊምካ ምልክት ምስዓም ትገብር። ኣብ ፈረንሳ ከኣ ገጽካ ናብ ምዕጉርቲ እቲ ኣብ ጥቓኻ ዘሎ ሰብ ከየቕረብካ ኣርባዕተ ግዜ ትሰዓዓም። ደቂ ቤልጂየም፡ ዝዕበዩ ብዕድመ ሰብ ኣደም ሰዲዶም ሰላም ክብልዎ ከለዉ፡ ንመቕርበም ፈተውቶምን ግና ሰለስተ ግዜ ይስዕምዎም።

4. **ኢድካ ኣብ ኣፍልቢ ምንባር፦** እዚ ኣብ ማለዥያ ኣዝዩ ወግዓዊ ዓይነት ሰላምታ እዩ። ንሰኻ ንሰላምታ ኢድካ ምስ ዘርጋሕካ፡ እቲ ሰብ ኢዱ ናብ ኣፍልቢኻ ሰዲዱ ይትንክፈካ። ኣብ ማለዥያ ብኸምዚ ኣገባብ ሰላም ምስ እትብሃሃል መግለጺ ንሓድሕድካ ዘሎካ ኣኽብሮትን ትሕትናን እዩ። ደቂ ተባዕትዮ ምስ ኣንጻር ጾታ ኣብ ዝራኸብሉ ግዜ ግና፡ ባዕለን ኣደን ክሳብ ዘሰዳ ክጸበዩ ኣለዎም። እንተዘይኮይኑ ኢደም ናብ ኣፍልቦም ብምስዳድ ከም ምልክት ሰላምታ ርእሶም ቀሩብ ኣድንን የብሉ።

5. **ርእስኻ ምድናን፦** ኣብ ህንዲ፡ ኔፓል፡ ካምቦድያ፡ ላኦስን ታይን ሰላም ኣብ እትብሃሉሉ ግዜ፡ ኣእዳውካ ኣላጊብካ ንቕድሚት ብምምጻእ ርእስኻ ድንን ተብሎ። ኣብ ህንድን ኔፓልን ከምኡ እናገበሩ 'ናማስተ' ዝብል ቃል'ውን ይውስኹ። ኣብ ታይላንድ፡ ሰላምታኦም 'ዋይ' ዝበሃል ኮይኑ፡ ኢድካ ንላዕሊ ዝያዳ ብዘርጋሕካዮ መጠን ነቲ ሰላም ትብሎ ዘሎኻ ሰብ ዝያዳ ክብሪ ከምዘሎካ ዘርኢ እዩ። ኣብዘን ዝተጠቕሳ ሃገራት፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣደን ንላዕሊ ዘይኮና ሓፍ ዘብልኦ፡ ኣእዳወን ኣብ ከባቢ ኩብደን እየን ዘበጽሓኦ።

6. **ገጽ ምሕታት፦** ኣብ ደሴት ግሪንላንድን ቱቫሉን፡ ንሓደ ዝፈትውዎ ሰብ ሰላም ኣብ ዝበልሉ ግዜ ናብኡ ይቐርቡ'ሞ፡ ኣፍንጫኦምን ላዕለዋይ ከንፈሮምን ናብ ምዕጉርቲ እቲ ሰላም ክብልዎ ደልዮም ዘለዉ ሰብ ብምቕራብ ትንፋሶም ንውሽጢ ይስሕቡ። እንተኾነ እዚ ዓይነት ሰላምታ ምስ ናይ ቀረባ ቤተ ሰቦም ጥራይ ዝገብርዎ እዩ። ኣብ ደብባዊ ክፋል ሰላማዊ ውቅያኖስ ናይ ደሴት ቱቫሉ ግና ኣብ ምዕጉርቲ ምስዓም ናብኦም ንዘመጸ ጋሻ ዝጥቀምሉ ዓይነት ሰላምታ እዩ።

6. **ቅድም ንዓበይቲ ሰላም ምባል፦** ኣብ ዝበዝሓ ሃገራት ኤስያን ኣፍሪቃን፡ ቅድሚ መንእሰያት ብዕድመ ንዝዓበዩ ሰባት ሰላም ክትብል ኣሎካ። ኣብ ፊሊፒንስ ድማ ንዓበይቲ ሰባት ሰላም ኣብ ዝበልሉ ግዜ ንኢድ ናይቲ ሰብ ብምስሓብ ይሳለምዎ። ኣብ ህንዲ፡ ከኣ ደኒኖም እግሮም ይትንክፉ። ኣብ ላይበርያን ናይጀርያን ዝነብሩ ህዝቢ የሩባ ከኣ ሓንቲ ብርኮም ኣንበርኪኾም ኢደም ንሰላምታ ይሰዱ።



## ስግንጢራውያን ጽምብላት

• ኣብ ህንዲ ገለ ሰባት ምስ ገረብ ክምርዓዉ ይኽእሉ እዮም። ግና ኣብ ሓደ ዝተፈልየ ፍጻመ እዩም ከምኡ ክገብሩ ዝፍቀዶም። ዚ ክገብሩ ዘገድዶም ግና ብሰንኪ ኣስትሮሎጂ ሂንዱ ብፍላይ ፕላኔት ማርስ እዩ። ብመሰረት እቲ ኣስትሮሎጂ፡ ምስ እኩባት ከዋኽብቲ እንተተወሊድካ ማንጋሊካ ከምትኸውን ይገልጹ። እዚ ከኣ ንናይ መጻኢ መጻምድትኻ ሕማቕ ዕድል ዘምጽእ እዩ። ህንዳውያን ንማንጋሊካ ምምርዓው ማለት ሕማቕ ዕድልን ኣብ ዘይግዜኻ ሞት ከምዘምጽእን ይኣምኑ። እዚ ነቲ ቀዳማይ ትርምዓዎ ሰብ እምበር ነቲ ካልኣይ ዝምልከት ኣይኮነን። ግና ነቲ ቀዳማይ ዝምርዓዎ ሰብ ሕማቕ ዕድል ከምጽኣሉ ዝይሊ የለን። ስለዚ ንማንጋሊካ ንምእላይ መጀመርታ ንሓደ ዝተወሰነ ግዜ ምስ ገረብ ተመርዒኻ ክትጸንሕ ኣሎካ ኢሎም ይኣምኑ።

• ኣብ ስጳኛ ኣብ ከተማ ካስትሪሎ ደ ሙርኩያ ዝነብሩ ህዝቢ ሓደስቲ ህጻናት ናብ ዓለም ክቕልቀሉ ከለዉ ዝቕበልሉ ፍልይ ዝበለ ባህሊ ኣለዎም። ድሕሪ ምውላዶም ኣብ ዘሎ ቀዳመይቲ ሰንበት፡ 'ሰይጣናዊ ምንጣር' ዝበሃል መደብ የካይዱ። ንኹሎም ሓደስቲ ናጽላታት ምንጻፍ ዘርጊሖም ናብ ቤት ክርስትያን ኣብ ዝወስድ ጎደና የደቅስዎም። ደቂ ተባዕትዮ እታ ከተማ ከኣ ኣብ ገጾም ቀይሕን ብጫን ሕብሪ ይልከዩ። ኣብ ኢደም ከኣ ኩርማጅ ይሕዙ። ወቓዕቲ ከበሮ ምልክት ምስ ሃብዎም፡ ብልዕሊ እቶም ህጻናት እናነጠሩ፡ ኩርማጆም ኣብ ኣየር የወዛውዝዎ። ብኸምዚ ኣገባብ ድማ ንህጻናት ነቶም ዝጸንሕዎም ክፉኣት መናፍስቲ ብምስጓግ፡ ሓጢኣቶም ከምዝኣለዩሎም ይሓስቡ። እንተኾነ፡ ሮማዊት ቤት ክርስትያን ካቶሊክ፡ ሓጢኣት ብጥምቀት ከምዝድምሰስ ብምምኻን፡ ዚ ጽምብል ከተወግዶ'ኳ እንተጸዓረት፡ ኣቕሽሹቲ ግና ኣብ'ቲ ቦታ ተረኺቦም ነቶም ናጽላታት ከምዝባርኽዎም ይፍለጥ።

• ኣብ ማዳጋስካር፡ ማልጋሲ ኣብ ዝበሃል ቦታ ዝነብሩ ህዝቢ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሓሙሽተ ዓመት ናብ መቓብር ብምኻድ 'ፋማዲሃና' ዝበሃል ጽምብል የካይዱ። ንእዕጽምቲ ናይ ቤተ ሰቦም ፍሒሮም ብምውጻእ ብዘምባእ ኣጽርዮም ክዳን ይኸድንዎ። ኣብ'ቲ ክዳን ከኣ ከምዝይረስዕዎ ንምግላጽ ስም ናይቲ ዝሞተ ሰብ ይጽሕፉ። ድሕሪኡ እቲ ኣጉዳሲ ክፋል ናይቲ ጽምብል ይቕጽል። ነቲ ኣስከሬን ንላዕሊ ሓፍ ኣቢሎም መዚቃ ወሊዖም ክስዕስዑ ይጀምሩ። ነቲ መቓብር ሸሞንተ ግዜ ምስ ኮለልዎ ከኣ ናብ ዝነበሮ ይመልስዎ። ጽምብል ፎርማዲሃና ዘሐጉስ መደብ እዩ። ኩሎም ኣብ ርሑቕን ቀረባን ዘለዉ ቤተ ሰብ ንኽብሪ እቲ ዝሞተ ቤተ ሰቦም ኣሎም ይተኣኻኸቡ።



ጎረቤቶምን ፈተውቶምን እውን ይዕደሙ። ድሕሪዚ ክዳውንቶም ተኸዲኖም ብሓንሳብ ይምገቡ፡ ይሰትዩን ይስዕስዑን። ህዝቢ ማልጋሲ ንዝሞቱ ቤተ ሰቦም ብጽቡቕ እንተተኸናኸኑዎም ምስ ሞቱ ኣብ ትመጽእ ዓለም ብሰላም ከምዝነብሩን ኣብ ምድሪ ከለዉ ከኣ ንደቆም ከምዝሕግዝዎምን ይኣምኑ።

## ቀቢላ ማሳይ

ቀቢላ ማሳይ ሓደ ካብቶም ቀዳሞት ቀቢላ ኣፍሪቃ ከምዝኾኑ ይፍለጥ። ናብ ኣፍሪቃ ኣብ 16 ዘመን እዮም መጺኦም። ኣብ ኬንያ ከባቢ 50 ቀቢላታት ኣለዉ። ቀቢላ ማሳይ ሓደ ካብኦም እዮም። ኣብ ሰሜናዊ ማእከላይን ደቡብን ኬንያ ድማ ይነብሩ። ብዘይካዚ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ታንዛንያ እውን ይነብሩ እዮም። ቛንቋ 'ማ' ከኣ ይዛረቡ። ቁመቶም ኣዝዩም ነዊሕ፡ ኮይናም ቀጢን ተኽሊ ሰውነት ይውንኑ። ካብ ጥንቲ ኣትሒዞም ብልህታት ከምዝነበሩ ዝነገረሎም ማሳይ፡ ነዊሕ ከይጸንሑ ንብዙሕ ክፋላት ኬንያን ታንዛንያን ብምቁጽጻር ዓድታት መስሪቶም ብሕርሻን መጓሰን ክነብሩ ከምዝጀመሩ መዛግብቲ ታሪኽ ይሕብሩ።

ሎሚ ኣብ ትሕቲ ማሳይ 22 ዝተፈላለዩ ሓውሲ ቀቢላታት ኣለዉ። ነፍሲ ወከፎም ከኣ ኣተቶም ላህጃ፡ ኣኩዳድናን ባህልን ኣለዎም። ገለ ካብ ቀቢላታት ማሳይ ንምጥቃስ፡ ዳላለኩተክ፡ ከኮንዮኪ፡ ኢልቻመስ፡ ኢልዳማት፡ ኢልከራሻ፡ ኢልከሶንኮ፡ ላይታኦክ፡ ላሩሳ፡ ሎይታይ ወዘተ እዮም። ማሳይ ኣብ ኣፋዊ ዛንታ ሃብታም ትሕዝቶ ኣለዎም።

ማሳይ ንደም ጥራት ምስ ጻባ ሓዊሶም ይሰትይዎ። ቀደም ሓደ መንእሰይ፡ ከም እኹል ሰብኣይ ክሕሰብ እንተኾይኑ ግድን ኣንበሳ ክቕትል ነበሮ። ስለዚ ኣብ ዝኾነ ምንቅስቓስ በትሪ ካብ ኢዶም ኣይፈልዩን እዮም። ንግድን ኣጉዶ ምስራሕን ሓላፍነት ናይ ደቂ ኣንስትዮ እዩ።

ማሳይ መጀመርታ መነባብሮኦም ኣብ መጓሰ ዝተመርኮሰ ብምንባሩ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ኣብ ዝንቀሳቐሱሉ ግዜ ብዙሕ ቦታታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም የእትዉ ነበሩ። ምብራቕ ኣፍሪቃ ብዙሕ ሰብ ክቕመጦ ምስ ጀመረ ግና ማሳይ ካብ'ቲ ቦታ ወጺኦም ናብ ሓውሲ ምድረ በዳ ዝኾኑ ድሩቕ ቦታታት ክገዓዙ ጀመሩ። ኣብ መፋርቕ 20 ዘመን ዝበዝሐ ቦታኦም መንበሪ እንስሳ ዘገዳም ክኸውን ብዙሓት ምኽንያት ተመንጠሉ።

ቀቢላ ማሳይ ኣምላኽ መጀመርታ ንዓኦም ድሕሪኡ ከኣ ንጥሪቶም ከምዝፈጠረ፡ ነተን ጥሪት ከኣ ብገመድ ናብ ምድሪ ከምዘውረደን፡ ድሕሪዚ ከኣ ኩሉ ኣብ ምድሪ ዘሎ ከምዝተፈጥረ ይኣምኑ። ስለዚ ሓደ ኣባል ማሳይ ጥሪት ዘይብሉ ምስ ዝኸውን ኣዝዩ ድኻ ከምዝኾነ ዘመልክት እዩ። እዚ ሓይሎምን ውድቀቶምን ዘርኢ ከምዝኾነ ይኣምኑ። ገፊሕ መሬት ኣብ ዝረኽብሉ ግዜ፡ ጥሪቶም ኣብኡ ብምፍራይ ሃብቶም ዘርእዩሉ መገዲ እዩ ነይሩ። ኣብ 19 ዘመን ግና ምስቶም ኣብ ዘርያኦም ዝነብሩ ኣህዛብ ብሰንኪ መሬት ክበኣሱን ክቀታተሉን ብምጅማሮም ቁጽሪ ህዝቢ ማሳይ እናንኣሰ ከደ። ብዘይካዚ ኣብ'ቲ ግዜ ዘጋጠመ ብርቱዕ ደርቂ ንዓ0 ሚእታዊት ካብ ጥሪቶም ኣጥፍኣን። ክልተ ሰሶ ካብ ህዝቢ ማሳይ ከኣ ሞተ። ኣብ'ቲ ግዜ ኣብ ትሕቲ ግዝኣቶም ዝነበረ ኖሮንጎሮ፡ ቀላይ ነኩሩ፡ ኣምቦሰሊ፡ እምባ መሩ፡ እምባ ክሊማንጃሮ፡ ኣምቦሰሊ፡ ሰረንጌቲን ካልእ ብዙሕ ቦታታትን ክገድፍዎ ተገደዱ።

ድሕሪ ግዜ መንግስታት ኬንያን ታንዛንያን ካብቲ ዝነበርዎ ባህላዊ ኣነባብራ ኣውጺኦም ከማዕብልዎም ብዙሕ ጻዕርታት ኣካይዶም ነይሮም። እንተኾነ ብዙሕ ወጽኢታዊ ክኸውን ኣይከኣለን። ሎሚ ማሳይ ብዘውንንዎ ጥንታዊን ዓሚቝን ባህሊ ኣፍሪቃ ኣዝዮም ሕቡናት እዮም።



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ስነ ጥበብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተኩኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ቴራብ |
| 14:25 | ዶክመንታሪ |
| 15:10 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 15:40 | መደብ ህርመት |
| 16:35 | ኤረና |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዳህሳስና |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 19:45 | ቁስተ ድሕነት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ጉዳይ ኣብ ዘተ = ቃለ መሕተት ምስ ሚኒስተር ፍትሒ ፎዚያ ሓሸም |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ዕቃብ ኣከባቢ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ጽባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ኣብ ውሻጠ "ስዊት" ቴንዳና

04:57 ድ.ቐ.

24 ለካቲት 2014



ሕጂ ኣብ ሓደ እንዳ ቡን ኣለና። ኣለናዶ ኢልኪ? ኣብ ማይ ምስላም (ገርገራ) ምሳይ ዝነበራ ማሓዙተይን መዳቕስተይን ተራኺብና ከነዕልል ጀሚርና። ዕላልና ቀስ እናበለ ናብታ ሓጻር ግን ከኣ ኵሉ ዝነበራ ሓንቲ ቅነ ናይ ገርገራ እዩ መሊሱና። በብሓደ እናዘከርና ክንስሕቕ ጽቡቕ ክንዘናጋዕ ጀሚርና። ሓንቲ ኣጋጣሚ ግን ግድን ክጽሕፈልኪ ኣለኒ ኢለ፡ እናኣዕለላ ኣነ ክጽሕፍ ጀሚረ።

ቴንዳና ካብ ስማ ጀሚርካ ኣመና ጥዕምቲ ነይራ። እቲ ቴንዳ ኣብ ገሊኡ ኣጋጣሚታት ይካረ ግዲ ኰይኑ፡ "ቤት መግቢ ስዊት" ዝብል ጽሑፍ ነይሩዋ። ንሕና ከኣ ብእኡ ንጽውዓ ኔርና። ኣብ ውሻጣ ዳርጋ ኣብ ሰለስተ ጒጅለ ኢና ተመቒልና። እዚ ባዕሉ ካብ ኣቃራርባና ዝማዕበለ ጒጅለ እዩ። ኵልና ደቂ ስራሕ ኢና፣ ኣረ ገለናስ ደቂ መስርዕ ኣብ ሓለዋ ብሓደ እንሓድር ኢና። ኣብኡ ግን መምስ ዝጠዓመና ኢና ተቛሪንና። ካብዘን ሰለስተ ጒጅለታት እተን ክልተ ከይተፈለጠና ኣብ ሓደ ህልኽ ኣተና። ምሸት ምሸት ብኣሸሙርን ደርፊን ንመላለስ ምንባርና ክንዝክሮ እንከለና መሊሱ ኣስሒቑና። ከመይ ናብ ቈልዑ ኢና ተቐይርና።

ሓንቲ ምሸት መምስ ጒጅለና ከነዕልል ኣምሲና። ጀምዓና ሰዓት ኣኺሉ ጀነሬተር ምስ ጠፈአት'ውን እቲ ሕክያ ኣየቋረጸትን፣ ሰለስተኣን ጒጅለ ናይዛ ቴንዳና፡ ኣብ ትሕቲ ኮቦርታ ኣትየን ጒጅምጅም እናበላ የዕልል ነይረን። እታ ሳልሰይቲ ሰለማዊት ጒጅለ ቀስ ኢላ ደቂሳ። ድምጺ ካብተን ክልተና - ጒጅለናን መጻርርትናን - ጥራይ ይስማዕ ነይሩ። ቅድሚ ምድቃስና ንፋስ ክንወስድ ጒጅለና ንደገ ወጽኣት። ዓራትና ጽቡቕ መናጽፍ፡ ዓበይቲ ኮቦርታ ነይሩዎ። ሓንቲ ካባና በቲ ዓቢ ኮቦርታ ተጸቒጣ ተሪፋ ነይራ። ዋላ መብራህቲ እንተ ትህሉ'ውን ሰብ ኣሎ ዝብል ኣይምተረኽበን። ወዮ መጻርርትና ሰብና ከም ዝገደፍና ከይፈለጣ ብኣና ይዛረባ። ሓፍትና ከኣ ትጸናጸን። ምስ ተመለስና እቲ ዝበላና ነግረትና። በዚኣ ዝጀመረት ገለ እንክብላ ንሕና ንምልስ፣ ንሕና ገለ እንክንብል እንካን ሃባን ንሳተን ክምልሳ ስራሕና ኰነ። ኵሉና ተመሳሳሊ ዕድመ'ኳ እንተ ነበርና ንሕና (ጒጅለና) "መንእሰያት ኢና" ኢልና ናይ መንእሰይ ባህጊ፡ ጸወታ፡ ስሓቕ፡ ጸዓት … ነይሩና። ንኣሸሙር ኢለን ናይ መንእሰያት ዘመናዊ ደርፊ ይውልዓ፣ ንሕና ከኣ ናይ ቀደም ደርፊ ንውልዕ። ንሳተን ናይ ቀደም ክውልዓ እንከለዋ፡ ንሕና ናይዚ ዘመንና ደርፊ ንውልዕ። ህልኽና ፈኸም እናበለ'ዩ ዓብዩ። ብደርፍን ኣሸሙርን ምውዳእ ኣብዩናስ ካልእ ጸወታ'ውን ጀሚርና። ንሳተን ትም እንክብላ በዚ መጺኡ ዘይበልናዮ ስሓቕ ንስሕቕ፣ ንሕና ትም እንክንብል ከኣ ንሳተን ብስሓቕ ትዋሕ ይብላ፣ ምስ ወድኣ ከኣ ግደና። እቲ ብደገ ዝሰምዕ 'ስሓቕ ዘየዕርፋ ቴንዳ' ይብለና ነይሩ ይኸውን። እዘን መጻርርትና ጒጅለ ደስ ዝብላኻ እየን ነይረን፣ ንሕና'ውን ደስ እነብል ጀምዓ ኢና። እዚ መገሻና ካብ ሓደ ቅነ እንተ ዝነውሕ ግን …። ዝገርመኒ ገለና ደቂ ኦፊስ፡ ገለና ደቂ መስርዕ ኢና ኔርና።

ልዕሊ ኵሉ ዝገርመኒ ኣሎ። ኣዋልድ ተኣኪብና ኣብ ንነብር እንተ ኴንና ንጠማመት፡ ንተሓማመ፡ ንበኣስ፡ ንቀናናእ፡ ጽቡቕን ስሓቕን ናይ ካልእ ባህ ዘይብለና፡ ኣልዕል ኣቢልና ናብ ነብስና ነተኣሳስር … መወዳእታ የብሉን።

"ስለምንታይ ኢና ከምኡ ንኸውን?" ኢለየን ጀምዓና። ሕስብ እንተ ኣበልናዮ ብዙሕ ተመሳሳሊ ተመኲሮ ዘኪርና። ሓሳባት እናኣምጻእና ክንዛተየሉን ክንካትዓሉን ጀሚርና። ሓደ መደምደምታ ክንረክብ ምእንታን ግን ኣብታ ትምጽእ ናይ ክልተ ሰሙን ናይ ቡን መደብና፡ 'ሽቡ' ዓቕማ መጽናዕቲ ገይራ ክትመጽእ ዕዮ ገዛ ሂብናያ ኣለና። ምቅንናእ ባህሪ ዘበዝሓ ደቂ ኣንስትዮ ዓለም ምዃኑ ዳርጋ ተሰማሚዕና ኢና። እንተኾነ ከም መጽናዕቲ ዝመስሉዎ የለን። ሽቡ እንታይ ሒዛ ከም ትመጽእ ከዕልለኪ ተስፋ ኣለኒ። ቻው…! ምቅርቲ ዳየረይ!

**ራህዋ - ኣስመራ**

## ንስኺ ንዓይ…

ሓምለ 2014

09:30 ድ.ቐ

ኵሉ ሳዕ ዝሓስቦ…

ክጽሕፍ ኢለ ኣይነቐልኩን፣ ክጽሕፍ ኢለ ኣይሓሰብኩን። ዝገብሮ ጠፊኡኒ ኣሎ። ዓቕለይ ድማ ኣጽቢበ። ዓቕሊኻ ክጸበካ፡ ትገብሮ ምስ ሰኣንካ፡ … ጸሓፍ ዝበለኒ የለን። ግን ውሽጠይ ክሽገር ክሽገር ንስኺ ኢኺ ትቕጀኒ ዳየረይ። ነቶም ኣብ ህይወቶም ኣእትዮሙኺ ዝኸዱ ሰብ ዝተፈላለየ ጥቕሚ ትህብዮም ትኾኒ።

ገለኦም እናኸጭነቑ ናባኺ ይጒዩ፣ ኵሉ ጭንቂኦም ይጒሕፉልኪ'ሞ ንባዕሎም ይገላገሉ፣ ኣብቲ ጽቡቕ ሓሳቦም ግን ምሳኺ የለውን። ገለኦም ጽቡቑን ሕማቑን መደባቶም ኣባኺ የቐምጡዎ፣ ድምር ሓጢኣቶምን ጽድቆም እንተ ዝጽብጽቡኽ ድሓን ነይሩ። ገለኦም ንህይወት ናይ ፍቕሪ መጻምዶም ጥራይ ይህቡኺ፣ በዚኦምስ ቍሩብ ትደዓዓሲ ትኾኒ። ግና ናይ ፍቕሪ ውረድ ደይብ ምስናይ ምኒኑ የሰልክየኪ ይኸውን። ዝኸፈኣ ከኣ እናኸበኣሱ ተረፍ ጽልኦም ዝቐዱኺ፡ ዘንድዱኺ፡ ዝጒሕፉኺን መጽረዩ ክፉኦም ዝገብሩኺን ንሳቶም እዮም። ግናኸ እቲ ሕመቓምን ጸለሎኦምን ከም መስትያት ሓንቲ'ኳ ከየጒደልኪ ስለ እተርእዩዮም፡ ሕሉፎም ንምቕባል ትብዓት ዘይብሎም ይኾኑ። ገለኦም ናይ ስራሕ ጸብጻባቶም ይመልኡልኪ፣ ዓጻቕ ዘይትቕረብ ናይ ቍጽሪ ወረቐት የምሱሉኺ። ምኽንሲ ናይ ቍጽሪ ወረቐት ፈታሒ ብዙሕ ግድላት'ዩ፣ ንብዙሕ ጻዕሪኻ የጒዱል'ዩ፣ ንሳቶምከ ከምኡዶ ይሓስቡኺ ይኾኑ? ዋላስ ዕቝባ ናይቲ ረሳዒ ኣእምሮኦም ኢኺ? ገለኦም ምንቅስቓስ ጸላእቶም ሚሊ-ካልኢት ከይተረፈ እናሰነዱ ጽልኢ፡ ደም፡ ኵናት፡ ሕነ … ይመልኡኺ'ሞ ባሩድ ባሩድ ትሽትቲ። ግና ንመዋእል መወከሲ ታሪኽ ክትኰኒ ምኻንኪ እናፈለጡዶ ይጽሕፉልኪ ይኾኑ? ወይስ ነታ ግቡኦም ኰይናቶም ከይፈተው ዝሰርሑዋ ስራሕ።

ገለ ከኣ ኣለው መሕለፊ ግዜኦም ዝሓስቡኺ። ኣብቲ ስልኩይ ህይወቶም ኣእትዮም የቋማጥዑኺ። ንስኺ ግን መሕለፊ ግዜኦም ኴንኪ ኣይትፈልጥን። ነቲ ኣብ ገዛእ ርእሶም ዝነበሮም ኣዕቢኺ፡ ትህኪቶም ኢኺ ተጥፍእሎም። ግና ግዜኦም ዝሕሽሉ ካልእ ሜላ ምስ ረኸቡ ውሬታ ውዕለትኪ ፈሊጦም ዘመስግኑኺስ ክንደይ ይኾኑ?

ነቶም መቐይሮ ህይወቶም ምኻኖም ኣሚኖም ከም ብሌን ዓይኖም ዝከናኸንኹስ ክንዲ ምንታይ ተፍቅርዮም ትኾኒ? እቶም ካብ ኣራዊት ናብ መልኣኽ፡ ካብ ስሱዕ ናብ ወዲ እዝጊሄር፡ ካብ ሓሳቢ ክፉእ ናብ ፈታዊ ሰናይ፡ ካብ ዓሻ ናብ ለባም፡ … ክትቅይርዮም ምኻንኪ ዝኣምኑስ ከመይ ትፈትውዮም ትኾኒ። እተን ኣብ ግዜ ጥንስን ኣትሒዘን ክሳብ ዝኣኽሉለን ንውላዳተን ነናቶም ዳየሪ እናጸሓፋ ዘዕብያ ኣደታት ብርግጽ የቕንኣኺ ይኾና? ክንደይ ግዜ ኰን ከም ሰብ ኴንኪ ውሉድኪ እናክዕንቀፍ ልቢኺ እናመሎቕኪ፡ እናሰሓቐ ከስሕቐኪ… ትብህጊ ትኾኒ?

ንዓይ'ሞ ከምታ ብራሕ ብጓጒድ መሊኣ እትህበኒ ኣደ ኢኺ፣ ከምታ ውዕለታ ክምለስ ዘይክእል ኣደ። እቲ ንኹሉ ሰብ ትገርዮ ንዓይ ጌርክለይ ኢኺ። ኵሉ ሳዕ አመስግነኪ'የ!

**ወዲ ጃብር**

## ፍርሒ ናይ ልበይ'ዩ

10 ለካቲት 2020

ኣስመራ

ሳንዳይ፡ ናብ ኣስመራ ክብገስ ከለኹ ዝስምዓኒ ስምዒት፡ ነጋሪ ኣይትደልይሉን ኢኺ። እዛ ናይ ሎሚ ጉዕዞይ ግን ኣይግድን። ብጣዕሳ ውሽጠይ ተሰይሩ ኣሎ። ካብ ገዛ ብተብተብ ኩንትራት ታክሲ ወሲደ እየ ናብ ቈጸራይ በጺሐ። ናብ መን እኸይድ ምንባረይ ኣይጠፍኣክን እዩ። ብዘይ መጠን ናፊቐዮ ነይረ። ብሰንኪ ርሕቀት ቦታ ንፈቃር ልቡ ክሕንቅቖሉ ኣይከኣልኩን። ምዕሩግ ቍመናኡ፡ ድሕሪ ሸውዓተ ኣዋርሕ እየ ዝርእዮ ነይረ። ሽታ ኣካላቱ ከም ቀደሙ እዩ ነይሩ። ንቡር ሰላምታ'ውን ጠፊኡና እዩ። ብዘይካ "ናፊቐካ፡ ናፊቐኪ" ዝብሉ ቃላት። ሳንዳይ፡ መልክዑ ድምቀት ዝወሰኸ ኰይኑ ተሰሚዑኒ። ፍርሒ ንውሽጠይ ክመልኦ ይፍለጠኒ ነይሩ። ፍርሒ ልበይ ዘንቀሎ እዩ መስለኒ ነዚ ኵሉ ጒድ ዝወለደ።

ምሉእ ምሸት ከነዕልል ሰላም ኢና ኣምሲና። እታ ምሸት፡ ነቲ ዝቕይዳ ባህሪ ክትቅይር'ውን ተመንየ ነይረ። ሓንሳብ ደው ክትብል። ጽሉል ትምኒት፡ ገሪምኒዶ። ፍቕሪ እዩ ከምኡ ዘብለኒ ዘሎ። ብዝኾነ ክቕጽለልኪ። ኣብ እንፈላለየሉ ቦታ ምስ በጻሕና፡ ክፍለዮ ዘይደለኹ ኣካሉ ክዛረብ ደፊኡኒ።

"ፍትወይ ኣነ ከም ዝፍቅረካ ትፈልጥ ኢኻ፣ ስለዝኾነ ክጽበየካ ዘጸግመኒ ኣይኮነን። ግን ከኣ በኣኻ እስከፍ እየ፡" እታ ዝተዛረብኩዋ ምልእቲ ሓሳብ እዚኣ እያ ነይራ።

"እንታይ ማለት'ኪ እዩ?" ብዘይ ንጹር ስምዒት እዩ ሓቲቱኒ።

"እንድዒ! ኣነ እፈርሕ ኣለኹ። ፍቑራት ምስ ርኣኻ፡ ዝስምዓካ ስምዒት ገሚተ እሸቑረር። ኣረ ከይትገድፈኒ እፈርሕ፡" ናይ ልበይ ቶግ ኣቢለያ። "ግን እንድዒ ፍቕሪ ማዕዶ ማዕዶ ክሳብ መዓስ እዩ?" ክብሎ ነይሩኒ ድዩ ኣይነበረንን መልሲ የብለይን።

"ዘረባኺ ኣይተረድኣንን ዘሎ። ስለ ዘይትኣምንኒ ዲኺ? ወይስ



መደብኪ ክትቅይሪ ሓሲብኪ?" ካብ ደረቱ ኣርሒቑ ክዛረበኒ ምስ ጀመረ፡ ናይ ብሓቂ ጃጅየ። "ንዓኺ ምፍቃረይ ዝዓግት ሓይሊ የብልክን እንድዩ፣ እዚ ዘረባ ኣይትደጋግምለይ ድላይኪ ግበሪ ንስኺ። ርሕቀት ቦታ ንኣካል ጥራይ እዩ ዝሃሲ። እንተ ኸኢልኪ እመንኒ፡" ኢሉ ደጊሙ ኣይተዛረበንን። ብሓቂ ጒዲኣዮ ድየ ኢለ ሓሲበ።

እቲ ናይ ልበይ ስምዒት ድየ ኣዘራርባ ኣኽፊኦ መልክዑ ቀይረዮ? እንድዒ ኣይፈለጥኩን። ክልተና ዘረባ ከይወሰኽና ታክሲ ኣስቂሉ ቤተይ ኣፋነወኒ። ቅሳነት ግን ካበይ ይምጻእ። ትብዓት እንተ ረኺበ፡ ግልጽ ኣቢለ ክነግሮ እየ። 'ልበይ'ያ ኣዚዛ፣ ንምፍልላይ ዘይኮነስ ራሕቂ ቦታ ክሓጽረላ ተመንያ። ጽባቐኻ ቀለባ ክትገብሮ፡ ብዓቢኡ ብኻልኦት ከይትውሰዳ ዘለዋ ስግኣት ነጊራ ኣባኻ ዘለዋ ፍቕሪ ክትገልጽ እያ ብሂጋ፣ እንተኾነ ኣይከኣለቶን፡' ኢለ ክነግሮ እየ። እምበርከ ምፍልላይ ከመይ ክኽእሎ። ፈሪሐ'ኳ። ካብዚ ዘለኹዎ ነውጺ እንተ ድሓንኩ ግዳ ከዕርፍ፣ ኣብ ከረን የራኽበና።

Be.S

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ፈደሪሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ውድድር ክራይተርዩም ኣካየዱ

ኣሚር ዓሊ

ፈደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት 9 መጋቢት ኣብ ጎደናታት ኣስመራ ውድድር ክራይተርዩም ሰሪዑ።

ተቐዳደምቲ ካብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ተበጊሶም፡ ብማስመራት ሴቲ ፓርክ፡ ቤት-መንግስቲ፡ ከረን ሆቴል፡ ፒያሳ ሚካኤል፡ ትረስተሉ፡ ፖለስ ዞባ ማእከል፡ ኣዱሊስ ክሉብ፡ ጎደና ሓርነት ሓሊፎም ኣብ ኣፍደገ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዛዘም ውድድርዩ ተሰሪዑሎም።

ኣብዚ ብርክት ዝበለ ኣፍቃሪ ቅድድም ብሽክለታ ዝተረኽበሉ ዕለት፡ ኣቐዲሞም ጸወታ ዘካየዱ መንእሰያት (ዩዝ) ደቂ ተባዕትዮ እዮም። እዚ ውድድርዚ 41.48 ከሎሜተር ርሕቀት ዝሸፈነ ኮይኑ፡ ኣብ መንጎ ናይ ቅጽበታዊ መድረኽ ዝበሮ እዩ። ተቐዳደምቲ 45.3 ከሎሜተር ኣብ ሰዓት እናረገጹ ብሓያል ናህሪ ተጓዒዞም። ተቐዳዳማይ ትጸቢት ኣሚናዳብ ወልደየውሃንስ ብወሃሉል ነጥቢ ማለት ብ8 ነጥቢ ዕወት ክራይተርዩም ዩዝ ክኸውን ከሎ፡ ናታን ሳሚኤል ካብ ደንደን ብ7 ነጥቢ ካልኣይ፡ እሰይ ሳምሶም ካብ ናትና ድማ ብ6 ነጥቢ ሳልሳይ ተርታ ብምሓዝ ኣብ ፖድየም ደይቦም።

ቀጺሎም ጁንየር ደቂ ተባዕትዮ፡ 51.24 ከሎሜተር ንምሽፋን ኣብ መበገሲ ሕንጻጽ ተረኺቦም። ኣብዚ ኣብ ሰዓት 46.4 ከሎሜተር እናረገጹ ዘካየዱዎ ውድድር፡ የናታን ቴድሮስ ካብ ደንደን ንሚካኤል ዳኒኤል ካብ ደንደንን ኣሉድ ክፍሎም ካብ ኤሪተልን ኣኸቲሉ ቀዳማይ ኮይኑ ሕንጻጽ ረጊጹ።

ኣብ መንጎ ንዝበራ ክልተ ናይ ቅጽበታዊ ውድድር፡ ነታ ቀዳመይቲ፡ ካብ ክሉብ ደንደን የናታን ቴድሮስ ብ14 ነጥቢ ብምዕዋት ቀዳማይ ክኸውን ከሎ፡ ኣብ'ታ ካልኣይቲ ዝተዓወተ ኣሉድ ክፍሎም ካብ ኤሪተል ድማ፡ ብ9 ነጥቢ 2ይ፡ ናይ ወልቂ ተቐዳዳማይ ፍጹም ብርሃነ ብ6 ነጥቢ ሳልሳይ ተርታ ሒዞም ኣብ ፖድየም ደይቦም።

ድሕሪዚ ዝሰዓቡ ውድድር ደቂ-ኣንስትዮ ጁኒየርን ኢሊትን ብሓባር እዩ። እቲ ውድድር 51.24 ከሎሜተር ርሕቀት ሸፊኑ ነይሩዎ። ኣቐዲመን ደቂ-ኣንስትዮ ተቐዳደምቲ፡ ብዘርእይኦ ዝበራ ዘሰምታዊ ጉዕዞ፡ ግዳይ ዝተፈላለዩ ኾቐፈታታት ኮይነን ምንባረን ዝዘከር ኮይኑ፡ ኣብዚ ውድድርዚ ግን 39 ከሎሜተር ኣብ ሰዓት እናተሓምበበ ምጉዓዘን፡ ፍጥነት ተቐዳደምቲ ጎሊሑ ዝተራእየሉ ክስተት እዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ኣብ 17.08 ከሎሜተር ንዝበረት ቀዳመይቲ ናይ መንጎ ቅጽበታዊ ውድድር፡ ናርዶስ ጹጋይ ናይ ደቡብ ንብርኽቲ ፍስሃየ ዓራግን ፈሸን ሃይለ ናይ ሰራይ ሳዋን ኣኸቲላ ቀዳመይቲ ኮይና ሕንጻጽ ረጊጻ። ቀጺላ ኣብ 34.16 ከሎሜተር ኣብ ዝበረት ካልኣይቲ ናይ መንጎ ቅጽበታዊ ውድድር ሄርሜላ ሳይሞን ካብ ደቡብ ንራሄል ዘርእሰናይ - ደንደንን ንብቲኤል እስቲፋኖስ - ጋሻፍሕን ኣኸቲላ ቀዳሚ ሕንጻጽ ረጊጻ። ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝተኻየደ ቅጽበታዊ ውድድር ደማ ኣቐዲመን ኣጥቂዐን ሃዲመን ዝወዓላ ተቐዳደምቲ፡ ሞናሊዛ ኣርኣያ ካብ ዓራግ ንቤትኤል ኤፍሬምን ሚዛን ሃብተስላሴን ኣኸቲላ ቀዳማይቲ ኮይና ተዓዊታ።

ኣብ ናይ ኢሊት፡ ብወሃሉል ነጥቢ ሞናሊዛ ኣርኣያ ብ8 ነጥቢ ዕውትቲ ክ ራ ይ ተ ር ዩ ም ክትከውን ከሎ፡ ናርዶስ ጹጋይ ካብ ደቡብ ብ7 ነጥቢ ካልኣይቲ፡ ሄርሜላ ሳይሞን ካብ ደቡብ ድማ ብ6 ነጥቢ ሳልሳይ ተርታ ሒዘን።

ኣብ ናይ ጁኒየር፡ ናርዶስ ጹጋይ ካብ ደቡብ ብ7 ነጥቢ ቀዳመይቲ፡ ሄርሜላ ሳይሞን ካብ ደቡብ ብ6 ነጥቢ ካልኣይቲ፡ ቤትኤል ኤፍሬም ካብ ደቡብ ብተመሳሳሊ ብ6 ነጥቢ ሳልሳይቲ ብምኻን ናብ ፖድየም ደይበን።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣፍቀርቲ ቅድድም ብሽክለታ ብሃንቀውታ ክጽበዩዎ ዝጸንሑ ጸወታ ቀዳማይ ዲቪዝን ደቂ-ተባዕትዮ እዩ ተሰላሲሉ። እዚ ውድድር 80.52 ከሎሜተር ርሕቀት ዝሸፈነ ኮይኑ፡ ፍሉይ መቐረት ዝወሰኸሉ እንተኳይኑ፡ ኣብ ዞር ኣልጀርያን ዞር ርዋንዳ ተሳቲፎም ኣተባባዒ ወጽኢት ሒዞም ዝተመልሱ ተቐዳደምቲ ምስታፎም'ዩ። ጸወታ ምስ ጀመረ፡ ብርክት ዝበለ ስኩዮታት ክረአዩ ጀመሩ።

ኣብ 19.52 ከሎሜተር ኣብ ዝበረት ቀዳማይቲ ናይ መንጎ ቅጽበታዊ ውድድር፡ ናይ ወልቂ ተቐዳዳማይ ዳኒኤል ይሕደጐ ንተቐዳደምቲ ኣስቤኮ የሴፍ ኣለምን ንዳጆም ፍጹምብርሃን ኣኸቲሉ ቀዳሞ ሕንጻጽ ረጊጹ። ናይ መድረኽ ዕወት ዞር ኣልጀርያ ሚልኪያስ ማእከሉ ኣብ 39.04 ከሎሜተር ኣብ ዝበረት ካልኣይቲ ናይ መንጎ ቅጽበታዊ ውድድር ንናኣድ ብርሃነ - ደንደንን ንፋትኤል ሓይልኣብ - ሰምባልን ኣኸቲሉ ቀዳሞ ሕንጻጽ ረጊጹ። ቀጺላ ኣብ 58.56 ከሎሜተር ኣብ ዝበረት ሳልሳይቲ ናይ መንጎ ቅጽበታዊ ውድድር ከኣ እቲ ሓያል መጥቃዕትታት ብምግባር መሳጢ ጸወታ ዘርኣየ ሚልኪያስ ማእከለ ሕጂ'ውን ቀዳሞ ሕንጻጽ ረጊጹ፡ ናህም መተሃን - ኤሪተል፡ ዳጆም ፍጹምብርሃን - ኣስቤኮ ድማ ተኸቲሎሞ ኣትዮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብዝተኻየደ ቅጽበታዊ ውድድር፡ እቲ ኣብ ጥርዚ ቁመና ዝርከብ ኣባል ኣስቤኮ ሚልኪያስ ማእከሉ፡ ንወዲ ጋንታኡ ዳጆም ፍጹምብርሃንን ኣባል ክሉብ ኤሪተል ናህም መተሃን (ሰምባ)ን ኣኸቲሉ ቀዳማይ ኮይኑ ተዓዊቱ። በዚ ማሰረት፡ ሚልኪያስ ማእከሉ ብወሃሉል 18 ነጥቢ ዕወት ውድድር ክራይተርዩም ኮይኑ፡ ዳጆም ፍጹምብርሃን ብ10 ነጥቢ ካልኣይ፡ ናህም መተሃን ድማ ብ7 ነጥቢ ሳልሳይ ተርታ ብምሓዝ ኣብ ፖድየም ደይቦም። እዞም ተቐዳደምቲ፡ ኣብ ሰዓት 47.5 ከሎሜተር እናተሓምበቡ እዮም ውድድሮም ኣሰላሲሎም። ሚልኪያስ ማእከሉ፡ ኣቐዲሙ ኣብ 2023 ተመሳሳሊ ዓወት ኣመዝጊቡ ምንባሩ ዝዝከር ኮይኑ፡ ኣብዚ ዓመት ውድድር ድማ ሳልሳይ ናይ መድረኽ ዓወት እዩ ሰሪዑ። በዚ ድማ፡ ካብ ፕሮፈሽናልን ናይ ወሽጢ ሃገርን ተቐዳደምቲ እቲ ዝበዝሐ ዓወታት ዘመዝገበ ተቐዳዳማይ ኮይኑ ኣሎ።





## ሊግ ዓንሰባ ብኽልተኡ ጾታ ይቕጽል

ግጥማት ሻምፒዮን ሊግ ዓንሰቡ ቀዳምን ሰንበትን ኣብ መንጎ ደቂ-ኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ጋንታታት ብዝተኻየደ ግጥማት ቀጺሉ።

ግጥም ጋንታታት ደቂ-ኣሰንትዮ ሊግ ዓንሰቡ ቀዳም ኣብ ስታድዮም ከረን ተኻይዱ። ምምሕዳር ከባቢ 03 ምስ ምምሕዳር ከባቢ 01 ኣብ ዘካየደኦ ግጥም፡ ኣብ ፈለማ 9 ደቓይቕ ጸወታ፡ ምምሕዳር ከባቢ 03 ብመገዲ ፍዮሪ ጉብረቅዱስ ሹቶ ረኺባትን። ድሕሪ'ዚ፡ ኣብ መጀመርታ 45 ደቓይቕ ዝተመዝገበ ሹቶ ብዘይምንባሩ ከኣ ብመራሕነት ምምሕዳር ከባቢ 03 ናብ ዕረፍቲ ኣምሪሖም። ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ማብል 60 ደቒቕ ምምሕዳር ከባቢ 03 ሹቶ ደጊመን። ጸወታ ድማ 2-ብ0 ተዛዚሙ።

ሰንበት ኣብ ዝቐጸለ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ግጥማት፡ ጋንታታት ሳሳለ ምስ ግዞጠንዳ እየን መጀመርታ ናብ ሜዳ ወሪደን። ብህዱእ ምንቅስቓስ ዝፈለመ ቀዳማይ እብረ ጸወታ፡ ጸኒሖም ግን ተጻወትቲ ሳሳለ ንልዳት ግዞጠንዳ ክደፍርዎ ተራእዩ። ይኹን እምበር፡ ሓላዊ ልዳት ግዞጠንዳ ካብ ሳሳለ ንዝተወርወራ ወዳኣት ኩዕሶ ብምብርዓን ንደገፍቲ ጋንትኡ ኣሰራሰረ። ናብ ዕረፍቲ ድማ 0-ብ0 ኣምሪሖም።

ካልኣይ እብረ-ጸወታ፡ ብኽልቲኡ ወገን ሓያል ምትሕልላኽ ዝዓብለሎ ርሱን ጸወታ ተራእዩ። ኣብ መንጎ'ቲ ርሱን ጸወታ፡ ሳሳለ ፍጹም ቅላዕ ረኺቡ፡ ክጥቀመሉ ብዘይምኽኣሎም ግን ነጥቢ ከሲሮም። ይኹን'ምበር፡ ነዛ ዝኸሰሩዋ ዕድል እትድኑበሉ፡ ኣብ ማብል 83 ደቒቕ፡ ካብ ተቐይሩ ዝኣተወ ሄኖስ ተስፋይ ሹቶ ረኺቦም። 1-ብ0 ድማ ተዓወቱ። ሄኖስ ተስፋይ ካብ ሳሳለ ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ ተሸሊሙ።

ቀጺለን ደንደን ምስ ኣልሳሕል እየን ተራኺበን። ጸወታ ብሓያል መጥቃዕቲ ፈሊሙ። ተጻወትቲ ደንደን ድማ ጸቡቕ ብቕዓትን ምውህሃድን ኣርእዮም። ኣብ ምድባ ተደጋጋሚ ስዕረት ክትገጥም ዝጸንሐት ጋንታ ደንደን ዝሓደ ምንቅስቓስ ብምርኣያ ኣደናቕት ረኺባትን። ንዕረፍቲ ውሑዳት ደቓይቕ ምስ ተረፉ ድማ፡ ፍናን ደገፍታ ሰማይ ዘዕረገት ጽብቕቲ ሹቶ ካብ ተጻዋታይ የዕበዮ መሴ ረኺባትን። 1-ብ0 ድማ ናብ ዕረፍቲ ኣምሪሖም።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣልሳሕል ሕነኣ ንምፍዳይ ናብ ልዳት ደንደን ኣብ ዝተጸገዐትሉ፡ ሹቶ ዝኾና ዝኽእላ ዝበራ ኩዕሶ ዕላምኣን ክስሕታ ተራእያ። እንተኾነ ኣብ ማብል 78 ደቒቕ፡ ተጻዋታይ ኣራም ኣስማሮም ካብ ኣልሳሕል ንጋንትኡ እተመዓራሪ ንደገፍቶም ካብ ወጥሪ ዘላቐቐት ሹቶ ኣመዝጊቡ። ድሕሪ ዝተወሰና ደቓይቕ ደንደን ብመገዲ ተጻዋታያ የዕበዮ መሴ ሹቶ ደጊመን። ብጸቢብ ወጽኢት 2-ብ1 ድማ ንኣልሳሕል ረቲዓታ። ኣዶናይ ሀብትዝጊ ካብ ደንደን ብሉጽ ትጻዋታይ ኮይኑ ተረቑሒሑ።

ግጥማት ሻምፕዮን ሊግ ዓንሰባ ዝመጽእ ሰሙን'ውን ብኽልቲኡ ጾታ ክቕጽል እዩ።



## ማን.ዩናይትድ፡ ክልተ ቢልዮን ፓውንድ ዝትመን ስታድዩም ክትሃንጽ ትውጥን

እንግሊዛዊት ክሉብ ማን.ዩናይትድ፡ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ብዮከዙ፡ ኣብ ቀደማይ ደረጃ ክስራዕ ዝኽኣለ ክልተ በልዮን ፓውንድ ዝትመን ህንጻ ክትሰርሕ ትውጥን።

እዚ ን100 ሽሕ ተዓዘብቲ ከኣንግድ ትጸቢት ዝግበረሉ ኣብ ከባቢ ኦልድትራፎርድ ክስራሕ ምኻኑ ዝገለጽ ዘሎ ሓድሽ (ኒውትራፎልድ) ስታድዩም፡ እዛ ክሉብ ሓደ በልዮን ፓውንድ ዕዳ እናሃለዋ፡ ክልተ በልዮን ከፊላ ነዚ ህንጻ ክትሰርሖ ትህቅን ምህላዋ መዛረቢ ኣርእስቲ ከይኮነ ኣይተረፈን። ብሸርክነት ንማን.ዩናይትድ ዝውንን ጂም ራትክሊፍ፡ "ብመንግስታዊ ደገፍ እቲ ዝወቅብ ስታድዩም ኮዕሶ እግሪ ክንሰርሕ እዩ ሕልምና።" ክብል ብርእሰተኣማንነት ተዛሪቡ ኣሎ።

እዚ ምስሊ ጽላል ዝዛዘ ሓድሽ ስታድዩም፡ ጸሓያዊ ጸዓት ዘለዎ፡ ካብ ዝፍኑብ ንምክልኻል ድማ ዝዓለመ ኮይኑ፡ ካብ 40 ኪ.ሜ. ርሕቀት ንኽልለ ተባሂሉ 200 ሜትሮ ዝንውሓቱ ሰለስተ ኣዕኑድ ተገይሩሉ ብስእላዊ ንድፊ ቀሪቡ ኣሎ። እዚ ሓድሽ ስታድዩም፡ ደገፍቲ ማን.ዩናይትድ ካብ'ቲ 115 ዓመታት ዘቑጸረን 74 ሽሕ ተዓዘብቲ ዘኣንግድን ታሪኻዊት ስታድዩም ኦልድትራፎርድ ከይርሕቑ ብምባል፡ ኣብ ጥቓኡ ክምዝሀጽ እዩ ክግበር።

ማሃንድሳት ናይዚ ህንጻ ከም ዝሓበርዎ፡ ንኽዛዘም ኣስታት ሓሙሽተ ዓመታት ክወስድን ን92 ሽሕ ዜጋታት ድማ ናይ ስራሕ ዕድል ክፈጥርን እዩ። ምስ ተዛዘመ ድማ ን1.8 ሚልዮን በጻሕቲ ከኣንግድ ትጸቢት ይግበረሉ። እዚ ስታድዩም ፍሉይ ዝኾነ፡ ብዘሓ. መዕሸጊ ማካይንን ንግዳዊ ትካላትን ዝርከቦ ምኻኑ እዩ።

ኦልድትራፎርድ ካብ 2006 ኣትሒዙ ዝኾነ ምምሕያሻት ተገይሩሉ ኣይፈልጥን'ዩ። ናይዚ ወጽኢት፡ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ናይቲ ስታድዩም ብዝሓ. ነቓዓትን ሃጓፋትን ስለዘለዎ፡ ንምሕዳሱ ምስ ማሃንድሳት ኣብ ዝተኻየደ ዝርርብ 1.5 በልዮን ፓውንድ ወጻኢታት ክሓትት ምኻኑ ተሓቢሩ ኣሎ። ኣብ ክንድኡ ድማ እዚ ሓድሽ ክስራሕ ከም እተወሰነ እዩ ተገሊጹ። እዚ ስታድዩም ናይ ህንጻት ስርሑ መዓስ ከም ዝጀምር ዛጊት ኣይተሓበረን ኣሎ። ምስ ተዛዘመ፡ ኣብ ኤውሮፓ ብደረጃ ዝዓበየ ተዓዘብቲ ድሕሪ'ቲ ብባርሴሎና ዝውንን 105 ሽሕ ተዓዘብቲ ንኸሕዝ ዝተሓደሰ ስፖቲፋይ ካምፕ ስታድዩም ክስራዕ ትጸቢት ይግበር።



# ዜና ዓለም

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ወኪልቲ ኣመሪካን ዩክሬንን ንዘተ ናብ ስዑዲ-ዓረብ ኣትዮም

ብጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ ዝምርሑ ላዕለዋይ ልኡኽ ኣመሪካ፡ ምስ ላዕለዎት ሰብ መዚ ዩክሬን ንምዝታይ ትማሊ ሰሉስ ስዑዲ-ዓረብ ከምዝኣተወ ተሓቢሩ።

እቲ ምስ ላዕለዎት ሰብ መዚ ዩክሬን ዝካየድዎ ዘለዉ ርክብ፡ ሩሲያን ዩክሬንን ተኾሲ ደው ናይ ምባል ስምምዕ ብምኽታም፡ ነቲ ኣብ መንጎአን ዘቐጽል ዘሎ ደማዊ ግጭት ንምዕራፍ ዝዓለመ ምዃኑ ድማ፡ ማርኮ ሩብዮ ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ "ዩክሬን ምስ ጎረቤባታ ብሓፈሻ ምስ ሩሲያ ከኣ ብፍላይ ዝህልዋ ጸጥታዊ ይኹን ፖለቲካዊ ዝምድና ንምምሕያሽ እንታይ ክትገብር ከምዝለዋ ትፈልጥ'ያ" ድሕሪ ምባል፡ ዩክሬናውያን ንሰላም ዘለዎም ቅሩብነት ማዕረ'ቲ ሩሲያ ትጠልቦ ክኸውን ከምዝዎቦ ኣስሚሩሉ።



ብዘይካ'ዚ፡ ዩክሬን ምስ ሩሲያ ኣብ ክሊ ኣየርን ባሕርን ግዚያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻቢኦ ክትጉበር ትጸቢት ከም ዝገበረላ ንሰበስልጣን ኬቭ ብምውካስ በቢሲ ሓቢሩ።

እዚ ይኹን እምበር፡ ሩሲያ ምስ ዩክሬን ንእትጉበሮ ግዚያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኸሲ ከምዝይትድግፎ'ያ ትገልጽ ዘሎ።

መራሕቲ ሞስኮ ኣብ መግለጺኦም፡ እቲ ግዚያዊ ተባሂሉ ዘሎ ስምምዕ ምቁራጽ ተኸሲ፡ ምምሕዳር ዘለንስኪ ዳግማይ ትንፋስ ንኽረክብ፡ ነቲ ተበታቲኑ ዘሎ ሰራዊቱ ድማ ዳግማይ ንኽውደብ ግዜን ዕድልን ንምሃብ ዝዓለመ ምዃኑ'ዩም ዘወቕሱ።

በዚ ድማ፡ ነቲ ኣብ መንጎ'ዘን ጐረባብቲ ሃገራት ስምምዕ ምቁራጽ ተኸሲ ንምኽታም ተባሂሉ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ዝካየድ ዘሎ ርክብ ብኣሉታ ከይጸልዎ ስክፍታ ፈጢሩ ኣሎ።

እቲ ብመንግኖት ኣመሪካ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ዝካየድ ዘሎ ርክብ፡ ድሕሪ'ቲ መራሕቲ ዩክሬይንን ኣመሪካን ንምቕራሕ ባህራዊ ጸጋታት ዩክሬን ምስ ኣመሪካ ኣመልኪቶም ንኽዘተዩ ኣብ ዋሽንግቶን ዝተራኸብሉ'ሞ ብዘይምርድዳእ ዝተዛዘመ ኣጋጣሚ፡ ናይ ፈለማ ምዃኑ ይንገር።

ኣብቲ ዝካየድ ዘሎ ርክብ፡ ብወገን ዩክሬን ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት፡ ኣማኻሪ ሃገራዊ ድሕነትን ሓያሎ ሚኒስተራትን ይሳተፉ ምህላዎም ይንገር።

## "ትራምፕ ናብ ቻይና ክበጽሕ ይኽእል'ዩ" ተባሂሉ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ምስ ቻይናዊ መዘናኡ ፕረዚደንት ሺ ጂን ፒንግ ንምዝታይ ናብታ ሃገር ክበይሽ ከምዝኽእል ይንገር ኣሎ።

ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ ራሻ ቱደይ፡ ኣብ መወዳእታ ወርሒ መጋቢት ክበይሽ ትጸቢት ዝገበረሉ ዘሎ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ሃገሩ ምስ ቻይና ኣብ ክልተኣዊ ምትሕግጋዝ ዘተኮረ ስምምዕ ንምኽታም እዩ ናብታ ሃገር ክበይሽ ዝቀራረብ ዘሎ።

መርበብ ሓበሬታ ራሻ ቱደይ ወሲኹ፡ ፈላሚ ርክብ እዞም ክልተ መራሕቲ ኣብ ቻይና ክኸውን ከምዝኽእል'ኳ እንተገለጸ፡ ብልክዕ ኣበየናይቲ ከተማን መዓስን ክካየድ ከምዝኽእል ግና ዝተፈልጠ ርጉጽ ሓበሬታ የለን።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ንፕረዚደንት ቻይና ሺ ጂን ፒንግ ኣብ ጐምጐም ባሕሪ ፍሎሪዳ ኣብ ዝርከብ ማእከል መዘናግዒ ክዕድሞ ልዑል ተጉዳስነትን ህንጡይነትን ኣሕዲሩ ከምዝነበረ ዝመልከተ እቲ ምንጪ፡ ሰበስልጣን ቻይና ግና እቲ ርክብ ወግዓውነት ምእንቲ ክህልዎ ኣብ ዋሽንግቶን ወይ ኣብ በይጂንግ ክኸውን እዩም ዝጽውዑ ዘለው።



ትራምፕ፡ በትረ ስልጣን ኣመሪካ ካብ ዝሕዝ ንደሓር ኣብ ልዕሊ ፍርያት ቻይና ዘጽደቖ 20% ወሰኽ ታሪፍ፡ ንንግዳዊ ዝምድና'ተን ሃገራት ብኸቢድ ጸልዩዎ ከምዝሎ ይፍለጥ።

ቻይና ብወገና ኣብ ልዕሊ ፍርያት ሕርሻ ኣመሪካ ናይ 15% ወሰኽ ታሪፍ ብምውሳን ተመጣጣኒ ግብረ-መልሲ ከምዝሃበት ዝመልከቱ ጸብጻባት፡ ምስ ኣመሪካ ናብ ንግዳዊ ኲናት ንምእታው ቅርብቲ ምህላዋ ገሊጻ ምንባራ ኣዘኻኺሮም።

ይኹን እምበር፡ እዚ ኣብ ዝመጽእ ሓደት መዓልታት ተግባራዊ ክኸውን ከምዝኽእል ዝንገረሉ ዘሎ ርክብ ናይ ክልተኦም መራሕቲ፡ ዕላማኡ ነቲ ኣብ መንጎ ክልተአን ሃገራት ተኸሲቱ ዘሎ ንግዳዊ ዘይምቅዳው መሰረታዊ ፍታሕ ንምርካብ ክኸውን ከምዝኽእል ክኢላታት ኣሚቶም ኣለው።

## ሸመት ኣጽዋር ኤውሮጳ ወሰኽ ኣርእዩ

ሕብረት ኤውሮጳ ማጠን ናይቲ ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝሽምቶ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ኣብ ወሽጢ'ዚ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት ልዑል ወሰኽ ከምዝርኣየ ሓድሽ መጽናዕታዊ ጸብጻብ ኣፍሊጡ።

እቲ ሕብረት፡ ብውሽጣዊ ዓቕሙ ንጸጥታዊን ወተሃደራውን ጸላኢ ንምምዕባል ክካየዱ ዝጸንሑ ጻዕርታት ከምቲ ዝተጸበይሉ ክኸውሉ ከምዘይከኣለ ዘርድእ እቲ ጸብጻብ፡ ካብ ወተሃደራዊ ስግኣታት ንምድሓን ካብ ኣመሪካ ዘእትዎም ዘሎ ኣጽዋር ብዓቐንን ዓይነትን እናወሰኸ ይኸይድ ምህላዉ ገሊጹ።

እቲ ኣብ ስቶክሆልም - ሽወደን ብዝመደበሩ ዓለምለኻዊ ትካል ምርምር ሰላም ዝዘርግሐ መጽናዕታዊ ጸብጻብ፡ ኤውሮጳዊ ሕብረት ካብ ዝተፈላለያ ሃገራትን ትካላትን ስትራተጂያውያን ዝበሉዎ ኣጽዋር ከእቱ ከምዝጸንሐ ብምንጻር፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ሓደት ዓመታት ጥራይ ልዕሊ ክልተ ዕጽፊ ኣጽዋር ክዕድግ እንከሎ፡ ካብዚ እቲ ክልተ ሰሶ ካብ ኣመሪካ ምንባሩ ጸብጺቡ።

"ኣብ ከምዚ ኣቃውማ እንከሎና፡ ነቲ ብኣመሪካ ናብ ዩክሬን ዝለኣኽ ዝነበረ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ንምትካእ ሰነምቲ ክንወስድ ፍጹም ዝከኣል ኣይኮነን" ዝበለ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ናይቲ ትካል ማይኬል ጆርጅ፡ ሕብረት ኤውሮጳ ቅድሚ ዝኣገረ ካብ ጸግዕተኛነት ኣመሪካ ካልኦት ኣፍረይቲ ኣጽዋር ዝኾና ሃገራትን ክደላሊ ኣተሓሳሰበ።

ኣብዚ ሳልሳይ ዓመቱ ዘቑጸረ ዘሎ ኲናት ሩሲያ-ዩክሬን፡ መብዝሕትአን ኣባላት ሕብረት ኤውሮጳ ካብ ግዳማዊ ተጻብኦ ንምክልኻል ብውሽጣዊ ዓቕመን ስትራተጂያዊ ኣጽዋር ከማዕብላ ከምዝይከኣላ እቲ ትካል ወሲኹ የመልክት።

ሕ/ኤውሮጳ ኣብዚ ዝሓለፈ 5 ዓመታት ካብ ኣመሪካ ኣስታት 868 ቢልዮን ዶላር ዝዋግኡ ኣጽዋር ከምዝሸመተ ድማ እቲ ትካል ይሕብር።



## ሩሲያ፡ ፍቓድ ዲፕሎማሰኛታት ብሪጣንያ ትስርዝ



ሩሲያ፡ ብስለያዊ ንጥፈታት ዝጠርጠረቶም ክልተ ብሪጣናውያን ዲፕሎማሰኛታት፡ ፍቓድ መንበሪኦም ከምዝሰረዘት ኣገልግሎት ጸጥታ ናይ'ታ ሃገር ኣፍሊጡ።

እቶም ዲፕሎማሰኛታት ተመሲሎም ከምዝኣተዉ ዝተገልጹ እንግሊዛውያን፡ ንዲፕሎማስያዊ ሕግታት ሩሲያ ብምጥሓስ ከምኡ'ውን ኣብ ዘይሕጋዊ ስለያዊ ንጥፈታትን ኣብ ኣዕናዊ ተግባራትን ተዋፊሮም ዝጸንሑ ምዃኖም፡ እቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ ወሲኹ የረድእ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩሲያ - ሰርጌ ላቭሮቭ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ተግባር ዘይቅበልዎን ንልኡላውነት ፌደረሽን ሩሲያ ዝጻረርን ምዃኑ ብምንጻር፡ እቶም ናይ ሓሶት ዲፕሎማሰኛታት ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን ጠቕሊሎም ክወጹ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉሎም ከምዝሎ ሓቢሩ።

እቶም ኣብ ዘይሕጋዊ ተግባራት ተዋፊሮም ዝጸንሑ እንግሊዛውያን፡ ብናይ ሓሶት ሰነዳት ናብታ ሃገር ኣብ ምእታው ኣድ ናይ መንግስቲ እንግሊዝ ከምዝለዎ ምስ ዝረጋገጸ፡ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና እተን ሃገራት ናብ ካልእ ሓደገኛ ኣንፈት ከምርሕ ከምዝኽእል፡ እቲ ሩሲያዊ ብዓል-ስልጣን ወሲኹ ገሊጹ።

ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻኢ ዓባይ ብሪጣንያ ብወገኑ፡ "ሞስኮ ክፉእን መሰረት ዘይብሉን ክሲታት ተቐርብ ኣላ" ክብል ነቲ ብሞስኮ ዝቐረበ ክሲ ድሕሪ ምንጻጉ፡ "ሩሲያ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታትና ተንኮለኛን መሰረት ዘይብሉን ክሲታት ከተቕርብ ናይ መጀመርታ ኣይኮነን" ክብል ኣመልኪቱ።

ሩሲያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት'ውን ኣብ ተመሳሳሊ ንጥፈታት ተዋፊሮም ከምዝጸንሑ ንዘገለጸቶም ሸዱሽተ እንግሊዛውያን ዲፕሎማሰኛታት ኣባሪራ ምንባራ ይዝከር።

## ሩሲያ፡ ቻይናን ኢራንን ሓበራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ጀሚረን

ፌደረሽን ሩሲያ፡ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ኢራንን ከም መቐጸልታ ናይቲ ዓመታዊ ዘካይዳኦ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ሎሚ ዓመት'ውን ናይ ሓይሊ ባሕሪ ልምምድ ኣብ ወሽመጥ ዖማን ጀሚረን።

እቲ ንመበል ሓሙሻይ ግዜኡ ዝካየድ ዘሎ ወተሃደራዊ ልምምድ "ቅናታዊ ድሕነት" ዝተሰምየ ኮይኑ፡ ሓይሊ ባሕሪ ናይተን ሃገራት ብዓይነትን ብዝሒን ዓጢቕዎ ዘሎ ስትራተጂያዊ ኣጽዋር ኣብ ምክልኻል ልኡላውነት እተን ሃገራት ልዑል እጃም ከም ዝህልዎ ንምግባር ምዃኑ ጸብጻባት የረድኡ።

ኣብዚ ዓመት በዘን ሃገራት ዝካየድ ዘሎ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ኣብቲ ኣመሪካ ምስ ሃገራት ምዕራብ ንዊሕ ዓመታት ክትሰርሓሉ ዝጸንሐት ወተሃደራዊ ሸርክነት ኣንጻራዊ ኣንፈት ኣብ ዝሕዘሉ እዋን ምኽያዱ፡ ፍሉይ ጠመተ ከምዝወሃቦ መርበብ ሓበሬታ ሲ.ኤን.ኤን ገሊጹ።

ዕላማ ናይ'ቲ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ጽልዋ ኣመሪካ ኣብ ምዕራባውያን ሃገራት ሚዛን ንምትሓዝ፡ ከምኡ'ውን ሩሲያ፡ ቻይናን ኢራንን ኣብ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት መሪሕ ተራ ንኽጻወታ ክሕግዘ ከምዝኽእል እቲ ምንጪ ብዘውሳኺ ይገልጽ።

ሓበራዊ ወተሃደራዊ ምትሕግጋዝ እዘን ሃገራት ካብ 2019 ካብ ዝጀመር ንደሓር፡ እዚ ናይ ሎሚ ዓመት ብስትራተጂያዊ ኣገዳስነቱ ፍሉይ ከምዝብል እዮም ጸብጻባት ዝሕብሩ ዘለው።

ንሱ'ዩም ከምዚ ዝበሉ ዘለው፡ ምምሕዳር ዋሽንግቶን ኣብ ኲናት ሩሲያ-ዩክሬን ሒዝዎ ዘሎ መርገጺ ናብ ሩሲያ ዝዘዘወን ምስ ሃገራት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ዘዩሳዊ ፖለሲ ይኽተል ብምህላዉን እዩም።

ትራምፕ ብዛዕባ'ቲ ወተሃደራዊ ልምምድ ኣብ ዝተሓተተሉ እዋን፡ ሰለስቲአን ሃገራት ብዘካይድኦ ዘለዋ ሓበራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ከምዘይሻቐል ብምምልካት፡ ኣመሪካ ወትሩ ሓያል ኮይና ንኽትቅጽል ኣበርቲዑ ከምዝሰርሕ፡ ንማዕከናት ዜና ኣመሪካ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ገሊጹ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሰንተራል | 12/03/25 | ጎደና ናቕፋ ቁ.18-20 ፊት ከረን ሆቴል | 120730 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services